# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.125 | ረቡዕ 24 ጥሪ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
"ዓይንኻ ምርኣይ እንተ ኣበየካ ብኻልእ ክፋል ኣካላትካ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ" . . .

ገጽ 4
ተራ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ምህናጽ ስድራ-ቤት



ገጽ 6
ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ



ገጽ 7
"ቋንቋይ ሓሊፉስ ቋንቋ'ዚ ኣይግመስ ፈሊጣ"



ገጽ 10
ኢንተር ንምዕባለ ሊግ ስዑዲ. . .



# ዓዲ-ቐይሕ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ልምዓትን ምድግጋፍን ተናኢዱ



ህዝቢ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ኣብ ምግራብ፡ ምድጋፍ ስድራ-ስውኣትን ካልኦት ጽጉማትን ዝምስገን ንጥፈታት ከምዘሰላስለ ተገሊጹ፡፡

ብ18 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ከርሮስ ጉብረማርያም፡ ኣብ 2023 ኣብ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ልዕሊ 280 ሄክታር ዛላታትን ልዕሊ 95 ሄክታር ከትሪን ከምእተሰርሐ፡ 171 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተተኽለ፣ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ እውን ልዕሊ 2,670 ሄክታር ዛላታትን 30,600 ሜትሮ ከቦ ከትሪን ከምእተሰርሐን 110 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተተኽለን፣ ሓያሎ ማስመራት መጓዓዝያ እውን ከምእተጸገነ ኣረዲኡ፡፡

ጉድኒ-ጉድኒ እዚ፡ 309 ሽሕ ናቕፋ ን103 ጽጉማት ስድራ-ቤታት ከምእተዋህበ፣ ን77 ስድራ-ስውኣት ናይ ማሕረስ ሓገዝ ከምእተገብረ፣ ኣብ ተኸንዳዕ ን35 ስድራ-ስውኣት ናይ እኽሊ ደገፍ ከምእተገብረ፡ ኣቶ ከሮስ ገሊጹ፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ ኣብ 2023 ንዝተራእየ ተሳትፎ ህዝቢ ብምምጓስ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፣ ምምድማድን ምጽጋንን ማስመራት መጓዓዝያ፣ ምህናጽ ተርሚናል ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፣ ምምላእ ሕጽረት ወሃብቲ ኣገልግሎት፣ ምዝርጋሕ ተወሳኺ መስመር ማይ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፣ ምውዳድ ፕሮጀክታት ማይ ኣብ ኢጊላ፡ መንደፈራ፡ ማእለውያን ሳፈራን፣ ምስራሕ ሜዳ ስፖርት. . . ዝ. ዓመት እዚ ካብ ዝተታሕዙ መደባት ምዃኖም ሓቢሩ፡፡

# ሃይኮታ - 40 መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዓውደ-ሞያ ዝሰልጠኑ 40 መንእሰያት ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ተመሪቖም፡፡

እቲ ትምህርቲ፡ ሓፈሻዊ ኣምራት ኤለክትሮኒክስ፡ ከምኡ'ውን ተንቀሳቓስን ደረቕን ስእሊ ዘጠቓለለ እዩ፡፡

ወኪል ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዓብደልከሪም መሓመድ፡ እቲ ስልጠና - ኣካል ናይ'ቲ መንእሰያት ሞያዊ ዓቕሞም ኣማዕቢሎም ኣፍራይነቶም ክብ ንኸብል ዝዓለመ መደባት ማሕበር ከምዝኾነ ኣረዲኡ፡፡

ግዝያዊ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ማርቆስ ግርማጼን ድማ፡ በብከባቢኡ ዝውሃብ ዘሎ ሞያውን ሲቪካውን ስልጠናታት፡ ኣብ ብቕዓት መንእሰያት እወታዊ ጽልዋ ይፈጥሩ ከምዘለዉ ገሊጹ፡፡

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ኣረጋይ መብራህቱ፡ መንእሰያት ምህናጽ ይጽናሓለይ ዘይብሎም ንዝተወሰኑ ኣካላት ዘይግደፍን ጉዳይ ብምዃኑ፡ መላእ ሕብረተሰብ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሩ፡፡

# ተጋዳላይ ሃብተስላሰ ሃብተማርያም ተሰዊኡ

ኣባል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን - ጉዳም ተጋዳላይ ሃብተስላሰ ሃብተማርያም ካሳ (ኣፍሮ)፡ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ መበል 76 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ፡፡



ኣብ 1974 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሃብተስላሰ፡ ኣብ ክፍሊ ሕርሻ፡ ክፍሊ መጓዓዝያን ካልኦት ኣሃዱታትን ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ፡፡

ስውእ ሃብተስላሴ ሃብተማርያም፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ደቂን እዩ፡፡

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ብ21 ጥሪ ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ተፈጺሙ፡፡

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ሃብተስላሰ ሃብተማርያም ካሳ (ኣፍሮ) ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ፡፡

# ዓመተ ትንሳኤ!

ወርሒ ጥሪ ኣብ ታሪኽ ወተሃደራዊ ግጥማት ኤርትራ፡ ብሓደ ብርቂ ፍጻመ ትዝከር፡፡ 'ወፍሪ ትንሳኤ - 1984'፡፡

ዓመተ 1984 ምስ ዓመተ 2024 ኣብ ነዊሕ ናይ ግዜ ፍልልዩ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ታሪኻዊ መድረኽ ዝርከብ ክንሰኑ ሓደ ዘመሳስለን ኩነት ኣሎ፡፡

ካብ መፋርቕ 1978 ክሳብ 1983 ዝበረ መድረኽ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኤርትራዊ ተቓላሳይ፡ ነቲ ብበዚሓ ደገፍ ሕብረት ሶቭየትን ደምበኣን ኣብ ታሪኽ ጸለም ኣፍሪቃ ዝዓበየ ሰራዊት ሃጸይ፡ ብኣማኢት ዝቑጸር መዳፍዕን ታንክታትን ዘመናውያን ናይ ውግእ ነፈርቲን መራኽብን ዓጢቑ ብወጻእተኛታት ኣማኸርቲ ኩናት እናተመርሐ፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ትሕቲ መሬት ከሰፍር ዘንቀደ፡ 7 መጠነ ሰፊሕ ወራራት ሓምሽሹ ዘፍ ዘበለሉ መሪር ናይ ምርብራብ እዋንዩ ነይሩ፡፡

ድሕሪ'ዚ ናይ ሞትን ሕየትን ምርብራብ፡ ድኻም ሰራዊት መግዛእቲ ዘስምገመ ተጋዳላይ፡ ካብቲ ጸኒዑ ዕርድታቱ ማሰስ ኢሉ፡ ብ15 ጥሪ 1984 "ወፍሪ ትንሳኤ" ዝተሰምየ መበረቓዊ መጥቃዕቲ ፈጸመ፡፡ በዚ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ተሰላይን ዓሊግደርን ተቐጺጺሩ፡ ብዙሕ ኣጽዋርን ተተኳስን ሰሊቡ፡ ካብ መድረኽ ምክልኻል ናብ መድረኽ ጃላት ብምሰጋር ከኣ፡ ኣብ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓራዱ ንዝበረ ዓቢ ክፋል ሰራዊት መግዛእቲ 'ውቃው እዝ' ኣኸበቡ ሓምተሎ፡፡ ኣብዚ፡ 'መድረኽ መቐይሮ' ዝተሰምየ ዓመት፡ ተጋዳላይ በዙን ማሪኹ ዝዓጠቖን ታንክታት፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ምብራቓዊ ጉላጉል ምስ መካፍይዝድ ሰራዊት ጸላኢ ፊት-ፊት ግጥም ታንኪ ብታንኪ ኣካየደ፡፡ ኣብ ግንቦት 1984 ድማ፡ ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣስመራ እጹብ ድንቂ ስርሒት ኮማንዶ ብምፍጻም፡ 33 ነፈርቲ ውግእ ኣብ መዓልቦኣን ከለዋ ሃመኹን፡፡

ዓመተ 1984 እምበኣር፡ 'ትንሳኤ' ዘበሰረት ዓመት'ያ ነይራ፡፡ እዛ ረገጽናያ ዘለና ሓዳስ ዓመት 2024 ከኣ፡ ነቲ ድሕሪ መሪር ናይ ምርብራብ መድረኽ ዝተኸስተ 'መድረኽ ትንሳኤ' ዘዘኻኽር ታሪኻዊ ተመሳሳልነት ኣለዋ፡፡

ከም ዝፍለጥ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብጸገማትን መሰታ ዘየርከቦ ጅግንነትን ኣኽሊል ናጽነት ድሕሪ ምድፍኡ፡ ብቐደሙ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግለን'ዩ" ኢሎም ዝኣመኑ ሓይልታት፡ "እፎይ" ኢሉ ሃገሩ ከይሃንጽን ከየማዕብልን፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ህንጻት ሃገር ምዝራግ ዝዕላማኡ፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ግሁድን ስውርን ሸርሒታት ብምፍጻም፡ ጀሆ ናይ ዝተፈብረኸ ዞባዊ ቅልውላዋት ኮይኑ ኢዱን እግሩን ንኽቕየድ፡ ንነዊሕ ዓመታት ተረባሪቦም እዮም፡፡ ከም'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት 2024 ዝበሎ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ነዊሕን ከቢድን ምርብራብ፡ 'ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰላሙ፡ ሓድነቱን ርግኣቱን ዓቂቡ፡ ሰላሙን ልኡላውነቱን ኣውሒሱ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሓያል ናይ መኸተ ያታኡን ዓውቱን' ደጊሙ ብምምስካር፡ ናብ ሓድሽ መድረኽ ተሰጊሩ ይርከብ፡፡

ዓመተ 2024 እምበኣር፡ መዕጸዊ ናይ'ቲ ረዚን ዋጋን ምጽማምን ዝሓተተ ናጽነት ናይ ምውሓስን ምድልዳልን ምዕራፍ ኮይና፡ መኽፈቲ በሪ ናብ 'ትንሳኤ ልምዓት' እያ፡፡

ታሪኽ ምዝኽኻር ኣድላይነቱ ዕዙዝ'ዩ፡፡ ቀንዲ ዕላማ ታሪኽ ምዝኻርን ምስትምሃርን፡ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ንምንባርን ንምንያትን ዘይኮነ፡ ሓድሽ ታሪኽ ንምስራሕ ወይ ንምሕዳስ እዩ፡፡ እቲ ከቢድ ዕንቅፋት ተሰጊሩ፡ ኣብ ዝሓሸን ዘተኣማምንን ባይታ ረጊጽና ኣብ እዋን መቐይሮ ንርከብ ኣለና፡፡ ናብቲ ቀንድን መሰረታውን ሸቶና ምርግጋጽ ዘላቒ ልምዓት ብዘለዓለ ናህሪ ንምግስጋስ ከኣ፡ ሕሉፍ ቀያና ንያት ዘሰንቐና እዩ፡፡ ክብርን ሞጎስን ነቲ ዘይሕለልን ዘይጽዓድን ወትሩ ዕወት ህዝቢ ኤርትራ!

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# “ዓይንኻ ምርኣይ እንተ ኣበየካ ብኻልእ ክፋል ኣካላትካ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ” - ተመሃራይ ኩመይኒ እድሪስ

ማርታ ክብሮም

ናብ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዝተገዓዝናሉ ኣጋጣሚ፡ ምስ ሓደ ኣብነታዊ ተመሃራይ ተላሊና። ኣብ ዓሰብ ተወሊዱ ኣብኡ ድማ ዓብዩ። ተመሃራይ 11 ክፍሊ ኮይኑ፡ ሓደ ካብቶም ብሉጻት ተመሃሮ እውን እዩ። ንሱ ዋላ'ኳ ዓይነ ስዉር እንተኾነ፡ ስንክልናኡ ከይዓብደሆ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ህይወቱ ጸብለል እናበለ ይቕጽል ኣሎ። መንእሰይ ኩመይኒ እድሪስ እብራሂም ይበሃል። ምስኡ ዝገበርናዮ ቃለመሕትት ነቕርበልኩም።

*** መዓስ እዩ ናይ ዓይኒ ስንክልና ኣጋጢሙካ?**

ተወሊደ ክሳብ ዝኾነኒ ዝኾነ ናይ



ዓይኒ ጸገም ኣይነበረንን። ከም ኩሎም መሳቶይ ድማ ኣብ ዝኾነ ነገር ማዕረኦም እሳተፍ ነይረ። ሻዱሻይ ክፍሊ ወዲአ ናብ ሻውዓይ ኣብ ዝሰገርኩሉ ግና፡ ብርቱዕ ረስኒ ስለ ዘጋጠመኒ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ክደቅስ ተገዲደ። ን11 መዓልታት፡ ሃለዋተይ ኣጥፊአ ነይረ። ሃለዋተይ ምስ ፈለጥኩ፡ እቲ ረስኒ ዘንቀሎ ክልቲአን ኣዒንተይ ሰኣነ። ድሕሪኡ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ካብ ገዛ ኣይወጻእኩን። ጸኒሐ ግን፡ ንኽሕክም ናብ ሃገረ ኢትዮጵያ ከይደ። ኣብኡ ክኣ - ክልተ ዓመት ገይረ። እንተኾነ ዝኾነ ለውጢ ክርኢ ኣይከኣልኩን። ነቲ ዘጋጠመኒ ስንክልና ተቐቢለ ክመሃር ከም ዘለኒ ወሲነ - ናብ ሃገረይ ተመሊሰ።

*** ትምህርቲ እሞ ከመይ ቀጺልካ?**

ካብ ኢትዮጵያ ምስ መጻእኩ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራን - ኣብርሃ ባህታ እየ ኣትየ። ብዙሕ ብደሆታት የጋጥመኒ እኳ እንተ ነበረ፡ ናይ ኣብርሃ ባህታ ትምህርተይ ግና ብጸቡቕ ክዛዘሞ ክኢለ እየ።

ኩሉ ግዜ ነገራት ኣብ ኣተሓሳስባና እዩ ዝምርኮሱ። ዓይነ ስዉር ማለት፡ ዓይኑ ዝተሰወረ ማለት እምበር - ዓይኑ ክርኢ ዘይክእል ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ናይ ዓይነ ስዉራን ብልጫ ኣብ ግዜ ቀትሪን ምሸትን ብዘይ መብራህቲ ከነንብበን ክንንቀሳቐስን ንኽእል ምኳንና እዩ።

*** ኩነታት ትምህርትኻ ካብ መጀመርታ ከመይ እዩ ነይሩ?**

ኣብ ትምህርተይ ካብቶም ንፉዓት ተመሃሮ እየ ነይረ። ዓመት ዓመት ብልጫ እናወሰድኩ እየ ዝሓልፍ ነይረ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ እውን እሃጥፍ ነይረ። ኣቦይ እድሪስ ኢብራሂም፡ ናይ'ዚ ከተማ ኣሰልጣኒ ኩዕሶ እግሪ እዩ። ሓወይ'ውን ካብቶም ኣብነታውያን ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ እዩ። ስለ'ዚ ወዲ 8 ዓመት እንክለኹ ብዙሕ ቴክኒካት ናይ ኩዕሶ እግሪ እመልኽ ነይረ።

ብዘይካ'ዚ ተመሃራይ መዄኣታ እንክለኹ፡ ኣብ ዓሰብ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ጸወታ ባይታ ቴኒስ ጀሚረ። ንሳቶም ኣብ ልምምድ ጸኒሖም ኣብ ዘዕርፉሉ ግዜ፡ ነቲ ናቶም ራኬት ኣልዒለ እጻወት ነይረ። እታ ኣሰልጣኒቶም ብቕዓተይ ርእያ፡ ኣእቲያትኒ። ስለ'ዚ ምስኦም ክጻወት ጀሚረ። ክሳብ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ብምብጻሕ ድማ እዕወት ነይረ። ነዚ ዓይነት ስፖርት፡ ብዙሕ ግዜ ክዕወተሉ ክኢለ እየ።

*** ድሕሪ ኣዒንትኻ ምስኣንካ፡ ትምህርትኻ ከመይ ቀጺልካ?**

መጀመርታ ንሓወቦይ ከማኸሮ እደሊ። ከሕክመኒ ኢሉ ብዙሕ እዩ ጸዒሩለይ። ክሳብ ካርቱም'ውን በጺሐ እየ። ስድራይ ናተይ ኩነታት ይኸብዶም ነይሩ እዩ። ኣነ እየ ተመሊሰ ንስድራይ ዘጸናንዖም ነይረ። ብዓይንና ንርእዮ ኩሉ ግዜ ደረት ከም ዘለዎ፡ ንዓይ ድማ ዝኾነ ሽግር ከም ዘይብለይ ከረድኦም እፍትን ነይረ። ዓይንኻ ምርኣይ እንተ ኣበየካ ብኻልእ ክፋል ኣካላትካ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ኣብርሃ ባህታ፡ ብዝዕባ እቲ መዄኣታዊ ኣጸሓሕፋ ቋንቋ ትግርኛ ክመሃር ስለ ዘለኒ ንድሕሪት ተመሊሰ። ኣብ ሓጺር ግዜ ክመልኮ ስለ ዝኸኣልኩ ድማ ካብቶም ተመሃሮ ተፈልየ።

ኣነ ከመይ ገይረ ነቲ ኣብኡ ዝወሰዶ ዝበርኩ ትምህርቲ ወዲአ ዓሰብ ከይደ ትምህርተይ እቕጽል እሓስብ ስለ ዝበርኩ፡ ነቲ ዝምህረና ዝበረ መምህር፡ ኩሉ እቲ ትምህርቲ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ክውድኦ ዝኽእል እንተ ኾይኑ ሓቲተዮ። እቲ መምህር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክውዳእ ከም ዘይክእል እዩ ነጊሩኒ። ኣነ ግን ኣብ ሓጺር ግዜ ክውድኦ ከም ዘለኒ ምስ ኑበሰይ ቃል ኣትየ። ንግሆ ተንሲአ እናኣጽናዕኩ ኣብ ሓጺር ግዜ ብምዝዛመይ - ናብ ዓሰብ ክምለስ ክኢለ።

*** ናብ ዓሰብ ምስ ተመለስካ ትምህርትኻ ከመይ ቀጺልካ?**

መማህራነይን መማህርተይን ትምህርተይን ብጸቡቕ እየም ተቐቢሎምኒ። ኣብ ናይ ሻሙናይ መልቀቒ ፈተና ክዓሎ እንከለኹ፡ እቲ ትምህርቲ ቁሩብ ክብደት ነይርዎ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ሻዱሻይ ክፍሊ ምስ ተመሃርክዎ ዓመታት እየ ገይረ ነይረ። ስለ'ዚ ቁሩብ ረሲዐዮ ነይረ። ሻውዓይ ክፍሊ'ውን ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር እየ ጀሚረ። ሻሙናይ ክፍሊ ጥራይ እየ ምሉእ ዓመት ተማሂረ። ካልእ ናይ ኮምፕዩተር ጸገም ነይሩኒ እዩ።

እታ ሓንቲ ዝበረትኒ ብልጫ፡ መዓልታዊ ከረድኦም ብዙሓት ተመሃሮ ናብ ገዛይ ይመጽኡ ነይሮም። ንዕኦም ከረድኦም እንክለኹ፡ ንባዕለይ እውን እርዳእ ነይረ። ስለ'ዚ ኣብ ወጽኢት ጀነራል 81 ኣምጺአ። እዚ ምስቲ ዝበርክዎ ኩነታት ንዓይ እኹል እዩ ነይሩ። ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ፡ ዚያዳ ክጽዕሪ ጀሚረ። ከም ወጽኢቱ ገምጋም ትምህርተይ ናብ 98.9 ክብ ክበል ክኢሉ። ኣብ 10 ክፍሊ ድማ፡ ገምጋም ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርተይ ምሉእ100 ከምጽእ ክኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ውድድራት መደረ ንቤት ትምህርተይ ወኪለ ክሳብ ናይ ዞባ እሳተፍ ነይረ። ኣብዚ ድማ ቀዳማይ ብምዃን ነቲ ውድድራት እዕወተሉ ነይረ።

*** ሕጂ ክንደይ ክፍሊ ኢኻ ትመሃር ዘለኻ?**

ተመሃራይ 11 ክፍሊ እየ ዘለኹ።



*** ንስንክልናኻ በዓይካ ኣብ ኩሉ ትምህርትኻ እናተዓወትካ ኢኻ ትኸይድ ዘለኻ? ኣብ መጻኢ እንታይ ክትከውን ኢኻ ትደሊ?**

ኣብ ህይወት ማሰናኸሊ ወይ ጸገም ኪጋጥም ንቡር እዩ። እዚ ግና መተረረኻ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣነ ድማ ኣብ መወዳእታ ንኹሉ በዓህ ከም ዝዕወት እየ ዝኣምን። ኩሉ ግዜ ንኑበሰይ ድሕሪ 20 ዓመት ከመይ ዓይነት ሰብ ከም ዝኾውን እቕርጾ እየ። ዓቢ ነገር እየ ዝሓስብ። እዚ፡ ብንእሽቶይ ነገር እዩ ዝጅመር። ትማሊ ከመይ ነይረ? ሎሚ ከመይ ኣለኹ? ንኽልቲኡ ብምንጽጻር መጻኢየይ ብሩህ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ። ኣብ መወዳእታ፡ ትምህርተይ ብዓውዲ ሕጊ ክውድእ እየ ዝደሊ።

*** ኣብ ንጥፈታት ሃማመተኤ እውን ትሳተፍ ኢኻ?**

እወ ኣብ ቤት ምትህርትና ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ሃማመተኤ እሳተፍ እየ። ሕመረትን ካድርን ተማሂረ እየ። ንክልተ ዓመታት ድማ ከም ኣቦመንበር ሃማመተኤ ናይ ቤት ትምርህትና ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። በዚ ማሕበር ብዙሕ ኣገዳሲ ትምህርትታት ይወሃብ እዩ። ኣብ ኩሉ ድማ እሳተፍ እየ።

*** ኣብ ምህዞን ሰንዓን እውን ትሳተፍ ኢኻ እሞ . . . ?**

ኣብ ምህዞን ሰንዓን ብሓሳብ እሳተፍ እየ። ኣነ ንሓደ ካልኣየይ ብዛዕባ እቲ ክቐርብ ደልየዮ ዘለኹ ነገር ሓሳብ እህቦ፡ ንሱ ድማ ይሰርሖ።

*** ኣብ ምልከት ቋንቋታት ከመይ ኢኻ?**

5 ቋንቋታት እመልኽ እየ። ትግርኛ፡ ዓረብ፡ ዓፋር፡ እንግሊዝ ከምኡ'ውን ኣምሓርኛ።

*** ንዝኾነ መንእሰይ ምስ ረኸብካዮ እንታይ መልእኽቲ ኢኻ ተሕልፈሉ?**

ንግሆ ናብ ክፍሊ ቅድሚ ምእታውና፡ ኣብ ማሰርዕ ብዛዕባ ዝኾነ ኣርእስቲ ሓሳብ እህቦም እየ። ቀንዲ ክህቦ ዝደሊ ሓሳብ ግና፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዘተኮረ እዩ። መሰረት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ስለ'ዚ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ቀዳምነት ክወሃባ እየ ዝደሊ። ስድራቤተን እውን ብዘይጎጽአ ዕድላት ትምህርቲ ከም ዝረኽባ ክገብሩ ኣለዎም። ብዛዕባ'ዚ ጸቒጠ እየ ዝዛረበሉ።

*** ኣብ መወዳእታ ክተመሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ?**

ንሕና መንእሰያት ኣብ ኣተሓሳስባናን ውሳኔናን ጥንቁቓት ክንከውን ኣለና። ኣብዚ ከባቢና ዝስተውዕሎ ነገር እንተ ሃልዩ፡ መንእሰያት ከየስተውዓሉ ናብ ሕማቕ ነገራት ይኸዱ ምህላዎም እዩ። ኣብ ከምዚ ኣዚና ክንጥንቀቕ ኣለና። ኩላትና መንእሰያት፡ ኣብ ኩሉ ነገር ትዕግስቲ ክህልወና ኣለዎ። ምኽንያቱ ዝኾነ ነገር ቀስ ብቐስ እዩ ዝመጽእ። ሃብትና፡ ኣብ ውሽጥና ምዃና ከም ዘሎ ክንፈልጥ ይግባእ። በዚ ድማ ኣዚና ዕቱባትን ሕጉሳትን ንኸውን።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ዞባ ባልካን - ዘይዝሕል 'ዓሌታዊ ስምዒታት'



ካብ'ዚ ቀረባ እዋን ንደሓር፡ ኣብ መጀመርታ 90ታት ከቢድ ዓሌታዊ ውግእ ተባሪዑሉ ኣብ ዝነበረ ዞባ ባልካን - ኣብ እትርከብ 'ቦዝኒያ ሄርዞጎቪና' ዝተባህለት ሃገር፡ ከም ብሓድሽ ፖለቲካዊ ወጥርታት ደሰፍን ከምዝሎ፡ ምንጭታት ዜና ከቃልሓኡ ቀጺሮን ኣለዉ።

ስርዓት ኮሙኒዝም ምብራቕ ኤውሮጳ ኣብ ፈለማ 1990 ምስ ተበታተነ፡ ብሸዱሽተ ሃገራት ቈይማ ዝነበረት ፈደራላዊት ዩጎዝላቭያ እውን ፈሪሳ። ሓንቲ ካብተን ሽዱሽተ ሃገራት ቦዝንያ ሄርዞጎቪና ድማ፡ ብሰለስተ ብሄራት ዝቖመት ስለዝነበረት - ኣብ መንጎ እተን ብሄራት ክሳብ 1995 ዝጸንሐ ውግእ ተኻይዱ። እቲ ውግእ ብምትእትታው ኔቶ ጠጠው ኢሉ - ዳይተን ኣብ እተባህለት ከተማ ብዝተገብረ ስምምዕ ሓደ ናይ ሓባር ፈደራላዊ መንግስቲ ከም ዝቐውም ተገይሩ። ዓሌት ክሮኣትን ቦዝንያን ኣብ ሓደ ናይ ሓባር ወሰን ዘለዎ ቦታ፡ ዓሌት ሰርብ ዝኸዉ ኸኣ ኣብ ካልእ ኣብ ዝተሓንጸጸ ቦታ - ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ብናይ ሓባር ባይቶ ዝቐመ መንግስቲ ማሰሪዮም ክሳብ ሕጂ ጸኒሖም።

እቲ ልሕሉሕ ፈደረሽን ግን፡ ናይ ብሓቂ ዝኸዱ ሓድነት ከምጽእ ኣብ ርእሲ ዘይምኽኣሉ፡ ምስ ስምምዕ ዳይተን ብዝተተሓሓዘ ዲፕሎማስያዊ ገመዳት፡ ካልእ ናይ ወጻኢ ደራኺ ተቘጻጻሪ ስለዘለዎ - ኣብ መንጎ እቶም ዓሌታት ዘሎ ቅርሕንቲ ክጠፍእ ኣይክኣለን። ናይ'ታ ግዝኣት ዝጸዓዩ ቦታ ዝሓዙ ቋንቋ ሰርብ ዝዛረቡ ዜጋታት፡ ካብ'ቲ ፈደረሽን ወጺኦም ናብ ዓባይ ሰርቢያ ክጽንበሩ እኳ እንተዘይከኣሉ፡ ናይ ብሕቶም ናጻ ሃገር ከምስርቱ ጻውዒት ከስምዑ ቀጺሮም ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ እቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ዘይፈቐዶ - ናይ ቦዝንያ ሰርባውያን ብሕታዊ በዓላት፡ ብሰልፍታት ምርኢት ከካይዱ ስለዝቐጸሉ ካብ ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ተቓውሞ ገጢምዎም ኣሎ። ኣብ 1992 ሃገራት ባልካን ክቦሞምዓ እንከለዋ፡ ቦዝኒያ እውን ናጽነት ኣዊጃ ነይራ እያ። ኣብታ ግዝኣት ዝርከቡ ዓሌት ሰርብ ግና ብምቅዋሞ፡ ቦዝኒያ ካብ ሰርቢያ ከይትፍለ ክከላኸሉ ጀሚሮም።

እዚ ስለ ዘይተኻእለ ድማ፡ ናታቶም ናጻ ሃገር ኣዊጆም። ኣብ መንጎ ኣብታ ሃገር ዝርከባ ካልኦት ብሄራትን ሰርብያውያንን ድማ ንሓድሓዶም ዘጥፍእ ሓያል ኲናት ተወሊዑ። ቦታ ንምስፋሕ ኣብ ዝሞገእሉ ዝነበሩ ኲናት፡ ካብ ክልተ ወገን ኣስታት 100 ሽሕ ሰብ ከም ዝሞተ ይሕበር። ቦታ ንምቕጽጻር/ንምስፋሕ ኣብ ዝገበር ውግእ፡ ካልእ ዓሌት ክተልግስ ስለ እትግደድ - ብዙሕ ዘሎማዊ ሰብ ክጉዳእ ግድን እዩ።

ናይ'ቲ ሽዑ ዝተኣወጀ ዕለተ ናጽነት ንምዝካር እዮም እምበኣር፡ ኣብ'ዚ ቅንያት እዚ ምርኢት ሰልፊ ዘካይዱ ዘለዉ። እዚ ሰልፊ እዚ ግና፡ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ - ካብ ሃገራት ምዕራብ ሓያል ተቓውሞ ይገጥሞ ኣሎ።

ኣብታ ሃገር ንዝሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ዝቈጻጸር ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን እምባሳደር ኣመሪካን ንዝዙብዎ መጠንቀቕታ፡ ፕረዚደንት ቦዝኒያ ሰርብ ወይ 'ሪፑብሊካ ስርፕስካ' ኣቃሊሉ ምላሽ ሂቡሉ ኣሎ። ኣብታ ሃገር ንዝተመደበ ፍሉይ ልኡኽ፡ ኣፍልጦ ከም ዘይህቦን ዘይሕጋዊ ከም ዝኾነን እዩ ገሊጽዎ።

ምምሕዛዘ ላዕለዋይ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ - ብቻይናን ሩሲያን ተቓውሞ ገጢምዎ ነይሩ እዩ። ክልቲአን ሃገራት፡ እቲ ላዕለዋይ ልኡኽ ዋላ እውን እንተተኸሎ/እንተተመዘዘ - ስልጣኑ ኣብ ሓምለ 2022 ኩብቅዕ ዘቕረባኦ እማመ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ቦዝንያ ሄርዞጎቪና፡ ርእሳ ክኢላ እትመሓደር ሃገር ምኻና - ንሓያሎ ዓመታት ዘማሓደረትን 'መማህር' ከም ዘየድልያ፡ ኣብ'ቲ ባይቶ ኣምባሳደር ሩሲያ ቃላ ኣሶሚዓ ነይራ።

እንተኾነ፡ እቲ ፍሉይ ልኡኽ - ሕጊ ቦዝኒያ ናይ ምቕያርን ሰበስልጣን ናይ ምስጓጉን መዘዙ ዘለዎ ስለዝኾነ፡ ንፕረዚደንት ናይ'ታ ሪፓብሊክ 'ሚሎራድ ዶዲክ' ከሲሱ ኣብ ቤት-ፍርዲ ኣቕሪብዎ ኣሎ።

ሚሎራድ ዶዲክ፡ ነታ ብሰለስተ ዓሌታት ዝቖመት ሃገር ክበታትኻ ምኻኑ፡ ብጋህዲ ምግላጹ ጸብጻባት ይሕብሩ። ኣመሪካ፡ እዚ ትንቢያ እዚ ኣብ ግብሪ ከይውዕል ክትከላኸል ከም ዝኾነት እኳ እንተገለጸት፡ ዶዲክ ብወገኑ - "ኣመሪካ፡ ሓይሊ ክትጥቀም ከም እትኽእል እፈልጥ እየ። ሃገራዊ ረቡሓ ኣብ ምሕላው ኣብ ዘውሰድ ምርጫ ማሳዋእቲ ግን፡ ድሕር ኣይክብልን እየ" ምባሉ ምንጭታት ይሕብሩ።

በዓል ናጽነት ንምንታይ ይኽበር ከምዝሎ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ "እቲ ጉዳይ ዓመት-ዓመት መዘከርታ እንተዘይ ተገይሩ፡ ስዕረትና ከም እተቐበልና እዩ ክቖጸር" ክብል መልሲ ከምዝሃበ ተፈሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እቲ በዓል ኣብ ዝተኻየደሉ ዕለት፡ ንሓደ መራሒ ሃገር ምብራቕ ኤውሮጳ ናይ ሜዳልያ ሽልማት ክልእኽ እንከሎ፡ ለምዘበን እውን ብተመሳሳሊ ንኻልእ ናይ ማእከላይ ኤውሮጳ መራሒ ሜዳልያ ከም ዝወፈያ ጸብጻባት ሓቢሮም። መራሒ ሰርቢያ 'ኣሌክሳንደር ቩቺች' እውን ናይ መተባብዒ ቃል ከም ዝሰምዐ፡ ነታ ሪፓብሊክ ክድምስስ ንዝፍትን ሓይሊ ከም ዘይጻወሮ፡ ኣብ ዝሰመየ መደረ ገሊጹ ኣሎ።

ኣሌክሳንደር ቩቺች ኣብ እዋን ውግእ ሓድሕድ ሃገራት ባልካን፡ ሕሉፋት ሃገራውያን ካብ ዝነበሩ ሓደ ከም ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ እዋን ከኣ፡ ሃገሩ ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ክትከውን ካብ ዝጽዕሩ ፖለቲከኛታት ሰርቢያ ሓደ ምኻኑ ይንገር። ቦዝኒያ ሄርዞጎቪና እውን ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ንምኻን መለክዒታት ከተማልእ ኣብ ምጽዓር እያ እትርከብ፡ መለክዒታት ኣባልነት ንምምላእ - ሓያሎ ዓመታት ከም ዝወስደለን እዩ ይግለጽ።

## ን'ዩጎዝላቪያ' ዘበታተነ ሃንደበታዊ ለውጢ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ

ኣካል ሃጼያዊ መንግስቲ 'ኣውስትሮ ሃንጋሪ' ዝነበሩ - ኣብ ማእከላይ ኤውሮጳ ግዝኣታት ዓሌት ክሮኣት፡ ስሎቨንያን ቦዝንያን - ድሕሪ ምብቃዕ እቲ ውግእ፡ ናብ ንግስነት ሰርቢያ ከምዝጽንበሩ ተገይሩ። ኩሎም ተቐራረብቲ ቋንቋ ዝዛረቡ 'ዓሌት ስላቭ' ብምኻኖም ከኣ፡ ደቡባዊ ስላቭ ዝብል ስም ንምሃብ 'ዩጎ ስላቭያ' (ዩጎዝላቭያ) ተባሂሎም ኣብ ሓንቲ ሃገር ከም እተጠርነፉ፡ መዛግብቲ ታሪኽ የረድኣ።

ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ብሰራዊት ስርዓት ናዚ ክበታተኑ ተፈቲኑ እኳ እንተነበሩ፡ ብሮዝ ቲቶ ብዝመርሖ ዝነበረ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከም ብሓድሽ ናብ ሓንቲ ሃገር ምጥርናፎም ይፍለጥ። ብኮምኒስታዊ ስርዓት መንግስቲ ትመሓደር እኳ እንተኾነት፡ ዩጎዝላቭያ ካብ ጽልዋ ሕብረት ሶቭየት ተፈልያ ካብ'ተን ቀዳሞት መስረትቲ 'ሻራ ዘይብለን ሃገራት' ኮይና። ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት - ኣብታ ሃገር ንዝነበረ በበይኑ ባህልታት ዘለዎ ብሄራትን ሃይማኖታትን ጠርኒፉን ኣሳንዩን ክኸይድ ዝኽእል ፖሊሲታት ከኣ ነበረ።

ኣብ 1980 ፕረዚደንት ብሮዝ ቲቶ ምስ ሞተ፡ እቲ ኑተን ፈደራል ሪፑብሊካት ዝጥርንፍ ዝነበረ ፖሊሲታት ቁጠባን ፖለቲካን ምምሕያሽ ስለዝተገብረሉ፡ ኣብታ ሃገር ለውጢ ክህሉ ዝኽእል ሓድሽ ፖለቲካዊ ስምዒታት ብሄራት ክፍጠር ጀሚሩ።

ኣብ ፈለማ 90ታት ምፍራስ ስርዓት ኮሙኒዝም ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳን፡ ምብራቕ ጀርመን ናብ ምዕራብ ምጽንባራን፡ ምብትታን 15 ሃገራት ዝሓቘፈ ፈደራላዊ ስርዓት ሕብረት ሶቭየትን፡ ኣብ ዩጎዝላቭያ ጽልዋታት ክፈጥር ክኢሉ።

ልዑል ሃገራዊ ስምዒት ዝነበሮ ስሎቦዳን ሚሎሶቪች፡ ናብ መራሕነት ዩጎዝላቪያ ምስ ደየበ፡ ኣብ ክሮኤሽያን ስሎቬንያን ኣብ ዝተገብረ ከባብያዊ ምርጫታት ድማ፡ ዴሳውያን/ኮሙኒስት ዘይኮኑ ፖለቲከኛታት ተመሪጾም። ኣብ 1990 ከኣ፡ ካብ ማእከላይ መንግስቲ የጎዝላቪያ ተፈልየን ልኡላውነት ከም ዝኣወጃ ክልቲአን ግዝኣታት ኣፍሊጠን።




ድሕሪ እዘን ክልተ ግዝኣታት፡ ቦዝኒያ ሄርዞጎቪና ልኡላዊት ሃገር ምኻና ኣፍሊጣ። ክሮኤሽያን ስሎቬንያን፡ እቲ ፈደራላዊ ስርዓት ፈሪሱ ኣብ መንጎ እተን ግዝኣታት ኮንፈደራላዊ መንግስቲ ክምስረት ጻውዒት የቕርባ ነይረን። ኣብ መንጎ ዓሌታት ዝነበረ ርክብ፡ ናብ ቅርሕንቲ እናተቐየረ ብየግዝኣታዊ ወሰን ምምጓት ተጀሚሩ። ቀስ እናበለ ኸኣ፡ ካብ ቀጻጸር ዝወጽኣ ደማዊ ባእሲታት ክኽሰት ተራእዩ። ስሎቬንያን ክሮኤሽያን ረፈረንደም ኣካይደን ህዝቢ ናጽነት ስለዝመረጸ፡ ናጻ ሃገራት ምኻነን ኣዊጀን - ምስ ማእከላይ መንግስቲ ዝነበረን ምምሕዳራዊ ርክብ ኣቋሪጸን።

ሰራዊት ሰርብያ፡ ብስም ዩጎዝላቪያ ወተሃደራት ልኢኹ - ናይ ስሎቬንያ ናጽነት ክኹልፍ ፈቲኑ። ግዳ ድሕሪ ሐደት መዓልታት ወጺኡ - ተመሊሱ። ኣብ ክሮኤሽያ ዝነበሩ ዓሌት ሰርቢ ካብታ ግዝኣት ተፈልዮም ምስ ሰርቢያ ክጽንበሩ ምስ ሓተቱ ንዝተላዕለ ግጭት ክዕርቕ ዝኣተወ ናይ ሰርቢያ ሰራዊት ድማ፡ ኣብ ጎድኒ እቶም ሰርባውያን ቈይሙ ምስ ዓሌት ክሮኣት ክሞጒፋጨፍ ተራእዩ። ኣብ ክሮኤሽያ ከኣ - ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ሞይቱ።

ቦዝኒያ ሄርዞጎቪና ረፈረንደም ከተካይድ ፈቲና ነይራ እያ። ኣብታ ግዝኣት ዝርከቡ ሰርባውያን ምስታፍ ስለዝኣበዩ ግን፡ ናጽነት ኣዊጃ። ቦዝኒያ ሄርዞጎቪና ሰለስተ ዓሌታት ዝሓቘፈላ ብምኻና፡ እቶም ሰርባውያን ናይ በይኖም ናጽነት ኣዊጆም። መቄዶንያ እውን ብረፈረንደም ናጽነት ኣዊጃ።

ክሮኤሽያ፡ ስሎቬንያን ቦዝኒያን - ብቕልጡፍ ኣፍልጦ ረኺበን። ኣብ 1992 ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኰይነን። ሰርቢያን ሞንተኖግሮን ብሓባር ዩጎዝላቪያ ብዝብል ስም ቀጺለን። ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ግና ዩጎዝላቪያ ዝብል ስም ክቕበል ኣይከኣለን።




ኣብታ ሰለስተ ሃይማኖትን ብሄራትን ዝነበራ ቦዝኒያ ግና፡ ብርቱዕ ሓድሕዳዊ ውግእ ተባሪዑ - ህዝቢ ኣንጻር ህዝቢ ይኳሳተር ነበረ። ኤውሮጳ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ተዓዚባቶ ዘይትፈልጥ ምፍሳስ ደም፡ ይካየድ ነበረ።

ናይ ሰርቢያ ዞባ ኣብ ዝኾነት ቋንቋ ኣልባን ዝዛረቡ - መብዝሕትኦም ሙስሊም ኮሶቫር እውን፡ ግዝኣቶም ካብ ሰርቢያ ክንጸሉ ቃልሲ የካይዱ ነበሩ። ኣብታ ግዝኣት ዝነበሩ ብሄረ ሰርብ ውሑዳት ደኣ ይኹኑ እምበር፡ ሓያሎ ታሪኻዊ ገዳማት ሰርቢያ ኣብ ኮሶቮ ከምዝርከብ ይፍለጥ። ሰርብያ ኣንጻር ኮሶቮ ብርቱዕ ጸረ-መጥቃዕቲ ክፈታ ከቢድ ሃሲያ ስለ ዘውረደት፡ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንኮሶቮ ካብ ሰርቢያ ክናግፍ ብርቱዕ ደብዳብ ነፈርቲ ከካይድ ጀሚሩ።

ብፁቶ ዝምራሕ ኀይሊ ሰራዊት፡ ናብ ኮሶቮ ክኣቱ ንሰርቢያ ኣገዲዱ ሰራዊቱ ናብ ኮሶቮ ኣእትዩ። እታ ግዝኣት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ሕቡራት ሃገራት ኣተወት። ስሎቦዳን ሚሎሶቪች ብዝኾዶ ውግእ፡ ሰርቢያ ንታሕቲ ተደቒሳ ስለዝነበረት፡ ኣብ 2001 ካብ መዘዙ ለጊሱ፡ ብዘቐረበሉ ገበናዊ ክሲ፡ ኣብ ዘ ሄግ ናብ ዝርከብ መጋባእያ ቀሪቡ። ኮሶቮ ኣብ 2008 ናጽነት ምስ ኣወጀት ድማ፡ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ቶሎ ኢለን ኣፍልጦ ሂበናኣ። ኣብ መንጎ ሞንተኔግሮን ሰርቢያን ዝነበረ ሓድነት እውን፡ ብረፈረንደም ሞንተኔግሮ ፈሪሱ ዩጎዝላቭያ ዝብል ስም ፈጺሙ ተረፉ - ሰርቢያ ጥራይ ትቕጽል ኣላ።

ኣብ ቦዝኒያ ናይ ዝርከብ ጉዳይ ብሄረ ሰርብ ሕቶ ብዘይ ባርዕ ውግእ ክፍታሕ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ እኳ እንተኾነ፡ ዝቕጽል ዓመታት ኣብ ባልካን እንታይ ምዕባለታት ከም ዝፈጥር ምጽባይ ይሓይሽ።





# ተራ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ምህናጽ ስድራ-ቤት

ማርታ ክብሮም

ደቂ-ኣንስትዮ ልክዕ ከም ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወት ኣበርክቶ ኣለወን። ፍርቂ ዓቕሚ ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ዝቖጽሮ ንጥፈታት ብናተን ቁጽሪ ዝተሸፈነ እዩ። ደቂ-ኣንስትዮ መፍትሕ ምዕባለን ብሉጽ ስድራቤትን እየን። ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ሓንቲ ስድራ-ቤት ዓቢ ተራ እያ እትጻወት፡ ገለ ካብ'ቲ መሪሕ ተራኣ -

• ከም በዓልቲ-ቤት - ጓል-ኣንስተይቲ ንበዓልቤታ ሓጋዚቱ እያ። ከምኡ'ውን ውልቃዊ ሓገዛ ንሱ'ውን እተወፊን ንበዓልቤታ ካብ ዘለዎ ድኻምን ጸቕጥን ከተገላግሎ ኩሉ ግዜ እትጽዕርን እያ። ንርእሲ እታ ስድራ ዝኾነ ኣቦ ብዝዕባ ቁጠባ እታ ስድራ ኩሓስበ ዕድል ትህቦ። ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒ ዓወት ክበጽሕን ንቕድሚት ክሰጉምን እትጉብሮ፡ እታ በዓልቲ-ቤት እያ። ሽግር ምስ ዘጋጥም እውን ኣብ ጎድኑ ትስለፍ። ኮታስ . . ኣፍቃሪቱ ኣላይቱ እታ በዓልቲ-ቤቱ እያ።

• ኣመሓዳሪትን መራሒትን ስድራ - ኣብ ስድራ-ቤት ግቡእ ምሕደራ ክህሉ ኣገዳሲን ወሳኒን እዩ። ኣብ ገዛ ምስ በዓልቤታን ደቃን ብዙሕ ግዜ እተሕልፍ እታ ኣደ ብምኳና፡ ነቲ ምሕደራ ብዝበለጸ ክተሰላስሎ እትኽእል እታ ጓል-ኣንስተይቲ እያ። ንብረት፡ እቶትን ካልእን ናይ'ቲ ገዛ ብዝዋጾእ ክተመሓድሮ እትኽእል ንሳ እያ። ንኹሉ ኣባል እታ ስድራ ከም ዓቕሙ ስራሓን ግቡኡን ተፍልጦ። ነቲ ዝሰርሕዎ ዘድልዮም ነገራት ድማ ትቕርበሎም። ምቅርራብ ምግቢ፡ ምምራጽ ዝኽደንዎ ዓይነት ክዳውንቲ፡ገዛ ምጽርራይን ምውጋግን ናታ ግደ እዩ። ከም ተወሳኺ፡ ኣእምሮ እታ ስድራ ንምሕዋስ ዝተፈላለየ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ትሰርዕ።



• ከም ኣመሓዳሪት ኣታዊታት ስድራ - ሓደ ካብ ብልሜታት ናይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ፡ ዋላ ካብ'ቲ ውሑድ ገዝእ ኣጠራቒማ ዘድልያ ክትዕድግ ትኽእል ምኳና እዩ። 'ደቂ ኣንስትዮ ሓሸሹቲ እየን!' ዝብል ብሂል ኣሎ፡ እዚ ግና ኣብ ሓዳር ምስ ኣተዋ ይቕየራ እየን። ኣብ ሓዳር፡ ገዝዖብ ረኺብ ኢላ ኣብ ዝጠቅምን ዘይጠቅምን ተጥፍእ ጓል ኣንስተይቲ ዳርጋ የላን። ኣኣብ'ቲ ኑቲ ገዛ ዘገድሳ እያ እትምድበ።

• ከም ኣደ - ህጻን ካብ ግዜ ምውላዱ ኣትሒዙ፡ ኩሉ ናይ ምእላዩ ሓላፍነት ናይ'ታ ኣደ እዩ ዝኸውን። ብሕልፊ ክሳብ ግዜ ምጉባቡ፡ ኩሉ ንጥፈታትን ኣተዩዳን ናይ'ቲ ህጻን እተማእዝን እታ ኣደ እያ። ኣተሓሳስባኡ፡ ጠባዩ፡ ጥዕናኡ፡ ኣመጋግባኡ፡ ሰዓታት ድቃሱ. . . ትከታተሎ። ኣብቲ ጸቡቕን ሕማቕን ዘለልየሉ ግዜ እውን፡ ኣዲኡ ኣብ ጎድኑ ኣላ። ብዘይካ'ዚ እተን ቈልዑ ደቂ ኣንስትዮ እንተደኣ ኰይነን፡ ኣብ ግዜ ብጽሕናአን ብዛዕባ ከጋጥመን ዝኽእል ነገራት፡ ከም መሓዛ ኮይና ዘማኸርአንን ዝምዕደአንን ኣዴታት እየን።

# ኣብ ሓዳርኪ ከተዘውትርዮም ዘለኪ ምብህሃላት

ሓዳር ማለት ክልተ ኣንጻር ጾታ ብፍቕሪ፡ እምንነት፡ ተወፋይነት፡ ግሉጽነትን ምድግጋፍን ክነብሩ ዝወሰንዎ ናይ ምሉእ ዕድመ ናይ ሓቢርካ ምንባር ውሳኔ'ዩ። ሓዳር ናይ ምሉእ ዕድመ ውሳኔ ወይ ኪዳን ብምኳኑ ኣፍሲ ወከፍ ሰብ እዚ ተረዲኡ ብጥንቃቐን ምርዳእን ክኣትዎ ይግባእ። ሓዳር ካብ መጀመርታ ኒደሩ ክሳብ ዓለም እትሓልፍ እውን ክቕጽል'ዩ። እንተ ብቐጥታ እንተስ ብዘዘዋዋሪ ሓዳር ዘይጸልዎ ሰብ ይኾን ዓውደ ህይወት የልቦ። ንሓዳር ኣፅዑድ ኮይናም ዘቑምዎ ብዙሓት ባእታታት ኣለው፦ ፍቕሪ፡ ባህሪ፡ ምትእምማንን ምብህሃልን ይርከብዎም።

ንሎሚ እምበኣር ኣብታ ምብህሃል ተሰምያ ዘላ ባእታ ምስ ሕብረተሰብና ብምዝምማድ ናብ ሰብ ሓዳር ኣሕዋትና ኣብ ዘተኹረ ቀንዲ ነጥብታት ኢና ክንመያየጥ።

እቲ ዝዓበየ ንዕቤት ህይወትና ክረጋገጽ ብዕቱብ ክንቆጻጸሮ ዘለና ክፋል ኣካላትና ኣእምሮና እዩ። ሓንሳእ ንኣእምሮና እንተ ደኣ ተቖጻጺርናዮ ከኣ፡ ንዝኾነ ነገር ክንቆጻጸር ንኽእል። እቲ ዝዓበየ ምስጢር ምዕባለና ግን፡ ኣብዚ ዘለና ሓይልን ትሕዝቶታትናን ምርኩስ ዝጉበረ እዩ። ነቲ ዝኣረገ ባህርያትና ከዐርዮ ብምፍታእን ሓደሽ ነገር ብምፍጣርን ከኣ እዩ ዝዝሕደ። ምብህሃል እቲ ቀንዲ ዓንዲ ንድልዳል ፍቕርን ሓዳርን እዩ። እንተኾነ ምብህሃል፡ ኣፍሲ ወከፍ መልእኽቲ፡ ስምዒት፡ ሓሳባት፡ ድሌትን ሃረርታን መጻምድቲ ዝሓዘለ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ሓጋዚ ኣገባብ ምብህሃል ኣሎ፤ ብኣንጻሩ ከኣ ኣዕናዊ ኣገባብ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ፍልጠት'ምባኣር ብኸመይ ንዘይሕጉስ መንፈስን ግዜን ከም እትብድሆ ምፍላጥ እዩ። እዚ ንምፍላጥ ከኣ ሕጉሳትን ዘይሕጉሳትን መጻምድቲ እንታይ ዓይነት ኣገባብ ምብህሃል ይጥቀሙ ምርኣይ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ንትማን ዝበሃል ተመራማሪ ብዛዕባ'ዚ ክገልጽ እንከሎ፡ ሙብዛሕትና ሕጉሳት መጻምድቲ እንብሃል ባእሰን ቈይቁን ዘይብሉ ኩሉ ግዜ እናተረዳዳእናን እናተሳሓቕናን ዓለም እንነውንን ገይርና ስለእንቕርጾ ምኳኑ እዩ ዝገልጽ። ብኸፋት ተባኢሶምን ተገራጭዮምን ጺሪሖም ብፍቕሪ ጸምዶም ዝፈትሑ መጻምድቲ ምስ ረአና ከኣ ርድኢትና ጌጋ ምዃኑ ይርደኣና። እቲ ፍልልዩ፡ ሕጉሳት መጻምድቲ ንሓባ ጸምዶም ዝጸንሑ ዝተፈላለየ ሜላታት ዝሓዙ ክኾኑ እንከለው፡ ዘይሕጉሳት ግን ብዘለዎም ጸገማት እናኣማረሩን ንሓድሕዶም እናተወቓቐሱን ዝነብሩ እዮም። ዘይሕጉሳት መጻምድቲ ኣብ ዝምድናኦም ሽግር ክፍጠር እንከሎ ተቐዳዲሞም እዮም ንመጻምድቶም ዝወቕሱን ዘውንጅሉን። ጺሪሖም ከኣ ንሰበሎም ደወቕሱን የጥቅዑን። ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ቅኑዕን ግጉይን ኣገባብ ምብህሃል ዘሎ ፍልልይ'ስከ ንርአ፦

ግጉይ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ፡ ናብ ጠቕንን ወቐሳን ክቀዳደሙ እንከለው፡ ቅኑዕ ኣገባብ ዝጥቀሙ መጻምድቲ ግና ናብቲ ቅኑዕን እወታውን ነገራት መጻምድቶም ብምትኳር እዮም ፍቕርን ተሰፋን ዘስንቁ።

ግጉይ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ ኩሉ ግዜ ገዛእ ርእሶም ንምክልኻል ዝተዓጥቁ ስለዝኾኑ ንሓድሕዶም ክደጋገፉን ክሰኻኸሉን ዘይክእሉ እዮም።

እቶም ቅኑዕ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ ግና ካብ ንሓድሕዶም ሓሊፉ ካልእ ዋርድያ የብሎምን። ስለዝሰብበሩን ዝተሓላለዉን ድማ ዘጽገእ የብሎምን። ግጉይ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ፡ ዝጠዘሐ ዘረባኦም ቈይቑን ጸርፍን ስለዝኾነ፡ ንሽግራቶም ዝፈትሕ ቋንቋ የብሎምን። እቶም ቅኑዕ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ ግና፡ ኣብ ንሓድሕዶም ዘይኮኑ ኣብቲ ሽግር ኣተኲሮም ስለ ዝላዘቡ ቀልጢፎም እዮም መፍትሒ ሽግሮም ዝረኽቡ።

ግጉይ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ፡ ቅኑዕነቶም ምእንቲ ከረጋግጹ ካብ ክሰምዑ ክዛረቡ ስለዝመርጹ መልሓሰ'ምባር እዚዚ የብሎምን። እቶም ቅኑዕ ኣገባብ ምብህሃል ዝጥቀሙ መጻምድቲ ግና ካብ ምዝራብ ምስማዕ ከምዝበልጽ ተገንዚቦም ንመጻምድቶም ብልቦናን ጽሞናን ሰሚዖም ኣስተውዒሎም ዝምልሱን ናብ ፍታሕ ዝምርሑን እዮም።

ሕጂ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ምስ በዓል ቤተን ኣብ ግዜ ምብህሃል ክጥንቀቓሉ ዘለወን ነገራት ንርአ፦

**ሕራይ ኣቕድሚ፡** ሕራይ ኢልኪ ብምእዛዝኪ ጥራይ ቀልጢፍኪ ልቢ ሰብኣይኪ ክትማርኺ ኢኺ። እዚ ማለት ንሰብኣይኪ ዋላ እናተጋገየ ሰቕ ኢልኪ ረኣይዮ ማለት ኣይኮነን፡ ሕራይ ዝብል ቃል ድሕሪ ምቕዳም፡ ሃሳእኪ ምኽርኺ ለግስሉ።

**ቃና እውን ይዛረብ'ዩ፡** ቃና ንስምዒትናን ማለትናን ይገልጽ'ዩ። ክልተ ሰባት ሓደ ዓይነት ሓሳብ እናተዛረቡ ብሸነኺ፡ ቃና ኣዘራርባኦም ግና ናብ ዘይምርድዳእን ባእሰን ከምርሖ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት "ቀልጥፍ" እትብል ቃል ብምእካለይ ቃና ከደምጻ ከሎናን ብኣዝዩ በርኽ ቃና ከደምጻ ከሎናን ናይቲ ሰማዒ ግብረ መልሲ ይፈላለ'ዩ። ብተፈጥሮ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝበርኸ ቃና ደሃይ ኣለወን። ስለዚ ምስ በዓል ቤትኪ ኣብ እትዘራረብሉ ግዜ እዚ ነገር ኣስተውዕልሉ፡ ምኽንያቱ ቃና ክበርኽ ከሎ ናይ ምዕብላል ባህሪ ስለዘለዎ ኣብ ሓዳርኩም ኣሉታዊ ጽልዋ ከምጽእ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

**"እንታይ ይብል ኣሎ ዘይኮነስ እንታይ ክብል ደልዩ እዩ እቲ ኣገዳሲ"፡** ተመራመርቲ ከም ዝበልዎን ኩልና እውን ከም እንፈልጦ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሰለስተ ዕጽፊ ቃላት ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ይዛረባ። ከም ውጽኢቱ ድማ ሓሳበን ናይ ምግላጽ ክእለተን ኣዝዩ ሰፊሕ'ዩ። ብኣንጻሩ ደቂ ተባዕትዮ ሓሳቦም ኣብ ምግላጽ ትሕት ዝበለ ዓቕሚ'ዩ ዘለዎም። ከምዚ ካብ ኮነ በዓል ቤትኪ ክዛረብ ከሎ፡ እንታይ ይብል ኣሎ'ን እንታይ'ዩ ክብል ደልዩን ብምግንዛብ ሃዲእኪ ንዘረባኡ ተረዲእዮ። ንኹሉ ዘረባኡ ሃዲእኪ ምስማዕ መርኣያ ንሰብኣይኪ ዘለኪ ክብሪ'ዩ።

**መዓስ ትዛረቢ ፍለጢ፡** ደቂ ኣንስትዮ ብህርና ቁጡዓትን ስምዒታውያንን ኢና፡ ስለዚ ኣብ እንዛረበሉ ግዜ ስምዒትና ጉቲእና ብጥንቃቐ ንዛረብ፡ ዝ ትስዕብ ኣበሉት ንርአ፦

ሓደ ሰብኣይ ኣብ ስራሕ ሓሪቑ ገዛኡ ኣተወ፡ ሰበይቱ ድማ እንታይ ከምዝጋጠሞ ደጋጊማ ሓተተቶ፡ እንተኾነ በዓል ቤታ ሓሪቑ ብምንባሩ ብግልጺ እንታይ ከም ዘጋጠሞ ክነግራ ኣይከኣለን፡ ሕቶ ዘበዝሖ ሰብኣይ ኣብ መወዳእታ "ዋላሓንቲ ኣይኮነን" ኢሉ መለሰላ። ሰበይቱ ድማ ሓሪቓ ዓውዓው ክትብል ጀመረት። "ንሽካ ንዓይ ትሓብኣለይ ኢኻ፡ ዘይከም ምስጢራትካ ኣይትነግረንን ኢኻ" ማዕረኡ ብምሕራቕ ነገራት ተጎዛሕሮ። ወዮ ኣብ ቀረባ ዝጸንሐ ሰብኣይ ድማ ነዲሩ ይምልሶላ እሞ ናብ ዘይተደልየ ግርጭት ኣምርሑ። ካብዚ ዛንታ ንመሃሮ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቀረባን ስምዒታውያንን ክንከውን ከሎና ደቂ ተባዕትዮ ድማ ስምዒቶም ኣብ ውሽጦም ዝሕብኡን ቀልጢፎም ድማ ሓሳቦም ክገልጹ ዘይክእሉን እዮም።

**ስለዚ በዓል ቤትኪ ብደገ ሓሪቑ ክመጽእ ከሎ ክትገብርዮም ዝግብኣኪ ጥንቃቐታት ወስ ኩብሉልኪ፦**

• መጀመርታ እንታይ ከም ዘጋጠሞ ህድእ ኢልኪ ሕተትዮ። እንተ ዘይመለሰልኪ ግና ባዕሉ ክሳብ ዝነግረኪ ዓቕሊ ገይርኪ ተጸበይዮ። ሕቶ ኣብ ርእሲ ሕቶ ደራሪብኪ ዓቕሉ ኣይተጽብብሉ። ምኽንያቱ ከምኡ ምስ እትገብሪ ናብ ዘይተደልየ ግርጭት ከምርሓኪ ስለ ዝኽእል።

• እታ መጀመርታ ዝበልኪ ቃል ኣስተብህልሉ፡ ካብቲ መጀመርታ ዝበሎ ሓበሬታ ክትረኽቢ ስለትኽእሊ።

• ዘረባ ኣብ እትጀምርሉ ብልዙብ ቃላት ጀምሪ። ንኣብነት ስራሕ እንተ ወዓሉ፡ "ሎሚ ስራሕ ከመይ ወዓሉ፡ ከቢድ ደዩ ነይሩ . . .ወዘተ" ኢልኪ ጀምሪ። ከምዚ ምስ እትገብሪ ካብቲ ዝወዓሎ ወጥሪ ከተገላግልዮ ኢኺ።

• ስምዒት መጻምድኺ ባዕሉ ክሳብ ዘይነገረኪ ከምዚ እዩ ዝኸውን ኢልኪ ባዕልኺ ግምት ኣይትወሰዲ። ምኽንያቱ ምግማት ናብ ጌጋ መገዲ ክወስደኪ ስለ ዝኽእል።

• ምስ መጻምድትኺ ብዘለ ጉዳይ ዘይምርድዳእ ምስ ዘጋጥመኪ፡ ኮፍ ኣቢልኪ ጉዳይኪ ኣረድእዮ። ምኽንያቱ ደቂ ተባዕትዮ ዘይከም ደቂ ኣንስትዮ ስምዒታት ኣንቢቦም ክርድኡ ኣይክእሉን እዮም።

• ኩሉ ግዜ ባዕልኺ ናይ ምብህሃል ባይታ ፍጠሪ፡ ኣነ ጥራይ ደየ ክዛረቦ ንሱ'ኸ ሓሳቡ ባዕሉ ዘይዛረበ ኣይትበሊ። እቲ ምንታይ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምፍጣር ዕላላትን ምዝርራብን ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ጸብለልቲ ስለ ዘወን።

ስለዚ ምብህሃል ሓደ ካብ ኣዕኑድ ሓዳር ስለ ዝኾነ ንምብህሃልና ኣዚና ክንጥንቀቐሉን ምስ ዝበኣሾ ድማ፡ ከዐርዮን ይግባኣና፤ እቲ ምንታይ፡ ምብህሃልና ምስ ዝበኣሾ ናብ ተጣዪስና ከዐርዮ ዘይንኽእል ዕንወት ስለ ዘምርሕ።

## ረቡዕ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስ-ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:20 | ዶክመንታሪ |
| 15:05 | ህርመት |
| 16:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ቀላሕታ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ቀላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም-መስተንክር |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

መበል ዓሰርተ-ሓደ ክፋል

**“ኣብ ክንዲ ክሱብ ክንደይ ከም እትጻምሞ እተድህብ፡ ነቲ እትሰርሖ ዘለኻ ክሱብ ክንደይ ከም እተፍቅሮ ኣድህብ።” - ሊያ ጥወታ**

**“ኣብ ሓይልኻ እምበር፡ ኣብ ድኽመትካ ኣይተድህብ። ኣብ ባህርኻ እምበር፡ ኣብ ዝናኻ ኣይተተኩር። ኣብ ጸጋታትካ እምበር፡ ኣብ ሕማቕ ዕድልካ ኣይተተኩር።” - ሮይ ቤት**

“ኣድህቦ ምግባር ኣይ ብዓልቲ ለይተይን እዩ።”

“ኣብ ከመይ ከኘታት?”

“ብስራሕ ኣድህቦ ክንብር ኣይክእልን እዩ።”

“ዝኾነ ነገር ንዓይ ዝምስጠኒ የለን ትብሎ። ዘለኻ ኩይት እዩ ዝስምዓኒ ዘሎ።”

“ዝምስጠኒ ነገራት እሞ፡ ሚእለያ ኸሞን የብሉምን ክብሎካ እኽእል እዩ። ምናልባት ብዙሓት ነገራት ስለ ዝምስጡኒ ከይከውን እውን ኣብ ጉዳይ ምድኻብ ሕመቕ ዘለኒ።”

“እስከ በጃኻ እንታይ ከም ዝምስጠካ ሓደ ነገር ጥቀሰለይ።”

“ንኣብነት መጽሓፍ ምንባብ ኣዝዩ እዩ ዝምስጠኒ።”

“መጽሓፍ ምንባብ ኣዝዩ ዝምስጠካ እንተ ኾይኑ፡ ስለምንታይ ኣድህቦ ገይርካ ዘይተንብቦ።”

“ንሓጺር ግዜ እኮ ኣድህቦ ገይረ ኣንብቦ እየ። ደሓር ግና፡ መዚቃ ምስማዕ ስለ ዘፍቅር፡ ሞባይለይ ወለዐ ሸሽ ኢልካ ሳዕሰዕ ይመጽኣኒ።”

“ደሓርከ?”

“ኣብ መዚቃ ምስማዕ እውን ብዙሕ ኣድህቦ ኣይገብርን እየ። ምስ ሰባት ምዕላል ስለ ዝበርሃኒ፡ ብጉያ ናብ ኣዕሩኽተይ ይውንጨፍ። ምስ ኣዕሩኽተይ ኣዕለለ ከይጸገበኒ፡ ደቀይን በዓልቲ ቤተይን ስለ ዝርእዩኒ ናብኦም እገዩ።”

“መዓስ ደኣልካ እሞ እትሰርሕ።”

“እዚ ዝበልኩ ዘለኹ እኮ ካብ ስራሕ ምስ ተፈደስኩ ዝገብሮ እዩ።”

“እሞ ኣብ ስራሕካ ልዑል ኣድህቦ ኣለካ ማለት እዩ።”

“ንሱ እንድዩ ደኣ ቀንዲ ጸገመይ። ንግሆ ናብ ስርሐይ ኣትየ ንእሽቶ ምስ ሰራሕኩ፡ ቀልጠፈ ኣድህቦ ስለ ዘጥፍኡ፡ ናብ እንዳ ሻሂ ናይ ስራሕና እየ ዝኸዩ። ናብ ስርሐይ ምስ ተመለስኩ ድማ፡ ብልዑል ኣድህቦ ምስራሕ እጸግም። ምስ ሰልቸወኒ፡ ቴሌፎን ኣልዒለ ናብ ዝኾነ ሰብ ደዊለ ኣዕልል። ከም ሳዕቤኑ፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ናይ ቀረባ ሓላፍየይ ተገራጨና ኣለና። ንሱ …።”

ብዛዕባ ኣድህቦ ክንጽሕፍ ክንጀምር እንከለና፡ በዮናይ ክንጀምሮ ከም ዘለና ክወጻብረና ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ ዕምቈትን ሰፍሓትን ጉዳይ ኣድህቦ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኤፒክቲተስ እተባህለ ፈላሳፋ፡ “እሸኻ ነቲ ኣድህቦ እትህቦ ኢኻ እትኸውን።” ኢሉ ነይሩ። እዚ ቀሊል ትርጉም ኣይኮነን ዘለዎ። ብዙሖም ክትንትኖ

## ሕጊ ልቦና

ዘለዎ እውን እዩ።

ኣብ ውድድር ኦሊምፒክ ናይ ሚእቲ ሜትሮ ዝቀዳደሙ ኣትሌታት፡ እታ ናይ ምጅማር ተኹሲ ቅድሚ ምትኳሳ ክሱብ ክንደይ ኣድህቦኦም ከም ዘዕበዩ ነቕልበሉምዶ? ዋላ እቶም ኣብ ውድድር ምዝላል ዝሳተፉ እንተኾኑ እውን ኣድህቦኦም ኣመና እዩ ልዑል። መዓስ ከም ዝበጽሑ፡ ከመይ ከም ዝሓዝኩ፡ ኣበይ ምስ በጽሑ ከም ዝዘለሉ፡ ኣበይ ከም ዝዓልቡ፡ … ልዑል ኣድህቦ እዮም ዝገብሩ።

እዚ እንክላይ ኑዩም ናይ ርሕቀት ጉያ ዝውዳደሩ ዝምልከት እዩ። ዋላ ኑዩም ኣብ መኸተ ጉስጢ ዝውዳደሩ ዝያዳ ይምልከቶም እዩ። ንኻልኢት ኣድህቦኡ ዘጥፍአ ተጋጣጣዪ፡ ኣፍንጫኡ ክደዕመስ ዘለዎ ተኽእሎ ልዑል እኮ እዩ።

ብሓፈሻ መብዛሕትኦም ስፖርታውያን ኣብ እዋን ውድድር 100 ሚእታዊት ኣድህቦ እዮም ዝገብሩ። እቲ ሹቶኦም እምብዛ ንጹር እዩ። ኣእምሮኦም ንምጽራይ ከይተሓለሉ ይሰርሑ። ንፍሲ ወከፍ ካልኢት ልዑል ክብሪ ይህብዋ።

ኣብ ዝኾነ ሞያ ንዋፈር ብዘየገድስ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣድህቦ ምስ እንገብር፡ ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ንጽህና (purity) ከም እንረኽብ ዘጠራጥር የብሉን። እዚ ገሌና ኣቐዲምና ተመኩሮናሉ ክንከውን ንኽእል ኢና። ኣድህቦና ዝያዳ ብዘዕበናሉ መጠን፡ ንዓቕምና ብዝዓበ ኢና እንጥቀመሉ።

እዚ ኣብ ጉዳይ ተመሃሮ ጉሊሑ እዩ ዝርአ። ተመሃሮ ኣብ ድሮ ፈተና ከጽንዑ እንከለዉ ዘርእይዎ ኣድህቦ፡ ቅድሚ እቲ ግዜን ድሕሪኡን ኣይደግምዎን እዮም። ተመሃሮ ቅድሚ ግዜ ፈተና፡ እኹል ግዜ ከም ዘለዎም ስለ ዝሓስቡ፡ ብልዑል ኣድህቦ ኣየጽንዑን እዮም። ኣብ ኣፋን ዕርቢታን ናይ እታ ፈተና ዘርእይዎ ኣድህቦ ግዱ እምብዛ ልዑል እዩ።

ገለ ተመሃሮ ብድሮ ፈተና ምሉእ መዓልትን ለይትን ከጽንዑ ሓይሊ የጥርዩ። መግቢ ንምብላዕ ይኹን ማይ ንምስታይ እውን ኣይዝከርዎን እዮም። ምስ ዝኾነ ሰብ ክዕልሉ ኣይደልዩን። ዝኾነ ካልእ ነገር ናብ ኣእምሮኦም ክኣቱ ኣየፍቅዱን እዮም። ሚእቲ ሚእታዊት ኣብ መጽናዕቶም እዮም ብኣካልን ብመንፈስን ዝጸንዑ።



ገለ ሰባት ኣብ ኣውቶቡስ ተሰቒሎም መጽሓፍ ብዘተማስጦ ዘንብቡ ኣለዉ። ብእምብዛ ምምሳጥ ወይ ኣድህቦ ኣብታ መጽሓፍ ብምግባር ዝኣክሉ፡ ኣብ እቲ ክወርድሉ ዝግብኦም ፌርማታ ከይወረዱ ዝሓለፎም ኣለዉ። እዚ ሓይሊ ኣድህቦ እዩ።

ንሕና ንንእሽቶ ጭሪም ዓቕሚ ኣእምሮና ጥራይ ኢና ብዝሒሪ እንጥቀመሉ። ኣብ ፕሮፈሽናል ስፖርት፡ እቲ ኣትሌቲካዊ ፍልልይ ኣብ መንጎ ተወዳደርቲ ንእሽቶ እዩ። ዓወት 90 ሚእታዊት ኣእምሮኣዊ ኣድህቦ እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ኣብ ህይወት ዝያዳ ዓወት ክትጭብጥ እንተ ደሊኻ፡ ኣድህቦኻ ዝያዳ ኣዕቢ። ነቲ ድጉል (latent) ሓይልኻ ብዝዓበየ ክትብርብሮ ከም ዘለካ ኩቶ ክትዝንግዖ ከም ዘይብልካ ኣስተውዕል።

መብዛሕትኡ ግዜ ኣድህቦ ክትገብር ከቢድ እዩ። ኣእምሮና ናብ ኩሉ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ነገር ቀልባዕባዕ ምባል እዩ ዝሰልጦ።

ልክዕ ከምቲ ቃላት ከይተጠቕሽን ‘ንመልሓስካ ክትሕልዋ’ ዘሎኻ፡ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ምእንቲ ክተትሕዞም ‘ንሓሳባትካ ክትሕልዎም’ ኣመና ኣገዳሲ እዩ።

ምስ ኣእምሮኻ ብጥብቂ ክትተኣሳሰር ኣሎካ። ኣእምሮና ብባህሪኡ ናብ ኩሉ ኣንፈት ፍንፍጭራዕ ክብል እዩ ዝደሊ። ኣብዚ ህሞት እዚኣ እስከ እንታይ ትሓስብ ኣለኻ? ብዛዕባ ምሳሕካ እንታይ ዓይነት መግቢ ከም እትኸውን ዲኻ ትሓስብ ዘለኻ?! ዋላስ ብዛዕባ ሓድሽ ስራሕ ምንዳይ ዲኻ ተሰላሰል ዘለኻ? …?

ብዛዕባ ሓደ ነገር ንኽትሰርሕ ኣብ ሓሳብ ኣብ እትሽመመሉ እዋን፡ ኣእምሮኻ ብኻልእ ሓሳብ ንኸይስሉብ ልዑል ጥንቃቐ ክትገብር ይግባእ። ብኻልኦት ስምዒታት እንተ ተወጢጥካ፡ ኣብ እቲ ተጸሚድካሉ ዘለኻ ስራሕ ናይ ምድማዕ ዕድልካ ምሒር ትሕቲት ይኸውን። ዓው ኢልካ፡ “ኣነ ሕጂ ኣጽንዕ እየ ዘለኹ።” ወይ “ኣነ ሕጂ ንወለደይ ዘሎኒ ክብሪ ብምገልጺ ክገልጽ እየ።” ወይ … በል።

እቲ እተልዕሎ ዛዕባ እምብዛ ንጹር ክኸውን ኣለዎ። ንኻልኦት ዛዕባታት ንግዚኡ ኣወንዝፎም። ኣእምሮኻ ኣብዚ እምበር፡ ኣብ ካልእ ቦታ ኣይኮነን ዘሎ። እቲ ዘለኻዮ ክፍሊ ምሒር ሃሩር ይኹን ዋላ ምሒር ቁሪ ይኹን፡ ብዙሕ ዘገድስ ኣይኮነን። ኣብ ስራሕካ ጥራይ እንተ ኣድሂብካ፡ ጉዳይ ስፖርት ወይ ፖለቲካ ወይ ፊናንስ ወይ ካልእ ከገናድበካ ኩቶ ኣይክእልን እዩ። ንሸኻ በቃ ኣብታ ኣብ ኢድካ ዘላ ስራሕ ጥራይ ኢኻ እተቕልብ።

ብርግጽ ህይወት ፈቲና ጸለእና ናብ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ትወጣጥጠና እያ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ሓደ ኣንፈት ጸኒዕና ንኽንቅጽል እንገብሮ ጻዕሪ ክቡድ ዝበለ ይገብሮ።

ብዛዕባ ኣብ ድኻኡ ዘለዎ ጻዕቂ ስራሕ ትንፋስ ዘይብሉ ኒጋዳይ እስከ ኣብ ኣእምሮና ንቕረጽ። ወዮ ኒጋዳይ ዝያዳ ትርጉም ዘለዎ ህይወት ክስተማቐር ደልዩ። የጉዳስ እታ ድኳኑ ቀጻሊ ኣድህቦ እትሓትት እያ ኩይናቶ። እቶም ሚእሊያ ዘይብሎም ዓማዊሉ፡ ዛ ሓንሳእ እኳ ምዕራፍ እዮም ከሊኦምዎ። ወዮ ኒጋዳይ ድኳኑ ዕምርቲ ብምኻና ብሓደ ወገን ክሕጉስ እንከሎ፡ በቲ ኻልእ ወገን ብስሪ ዝበሮ ጻዕቂ ስራሕ ምፍጣሩ ክሱብ ዝጸልእ ኩይኑ።

ኣብ ሓደ ለይቲ፡ ብስሪ ዘለዎ ጻዕቂ ስራሕ ከም ዝሞተ ሓሊሙ። እቲ ሕልሚ ምሒር ስለ ዘሰንበዶ፡ ካብ ድቃሱ ብር ኢሉ ተንሲኡ። ጸሓሩ ካብ ዓራቱ ነጢሩ ወሪዱ። ካብኡ ናብ ማስትያት ተጸጊዑ። ሸዑ ብስቤት ጸጉሪ ርእሲ እተጕብአ ሽማግለ ሰብኣይ ፊት ንፊቱ ኣብቲ ማስትያት ተገቲሩ ተራእዩዎ። ማስትያት ልክዕ ምስልኻ ምርኣይ መዓስ ይፍኖካ ኾይኑ። እቲ ሰብኣይ ብእኡ ንብኡ ናብ ክፍሊ ሳሎን ኣምሪሑ። ከፍ ኢሉ ተዛዝዩ መጽሓፍ ፍልስፍና ምንባብ ተታሓሒዙዎ።

ጸኒሓ ብዓልቲ ቤቱ ካብ ድቃሳ ምስ ተበራበረት፡ ብዓል ቤታ ኣብ ዓራቱ ከም ዘየለ ኣስተብሂላ። ካብ ዓራታ ወሪዳ ናብ ሳሎን ምስ ኣምርሐት ብዓል ቤታ ተማሲጡ መጽሓፍ ከንብብ ጸኒሕዋ። “ሕጂ እኮ ሰዓት 3:30 ናይ ለይቲ እዩ ዘሎ። ኣብዚ እዋን ዘይብሉ ለይቲ እንታይ ዓይነት መጽሓፍ ኢኻ ተንብብ ዘለኻ?”

“ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ኣነ ኣብ ዝኾነ እዋን ክመውት ከም ዝኽእልሲ ኣብ ግምት ኣእቲኽዮ ትፈልጠዶ ትኾኒ?! እተን ዝበለጻ ዓመታት ህይወተይ ኣብ ድኳን ኣሕሊፈየን ማለት እኮ እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ካብ ሎሚ ንነጀ ክሱብ ፍርቂ መዓልቲ ዝኸውን ናብ ድኳነይ ገጸይ ከይቅልቀል ወሲነ ኣለኹ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፡ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ንልቦናይ ክብ ዘብሉ መጽሓፍቲ ኣብ ምንባብ ክጥቀመሉ እየ።”

“እዋእ ዓብደካ ዲኻ?! ከምኡ ክትገብር እሞ ኣይትኽእልን ኢኻ!” ብዓልቲ ቤቱ ብሓውሲ መግናሕቲ መለሰትሉ። “ኣነኸ ኑቶም ዓማዊልካ እንታይ እየ ክብሎም?”

“ወይለይ! መልኣከ ሞት ናባይ ምስ መጽኣኸ እንታይዶ ክትብልዮ ኢኺ? ዓማዊል ደኳንና እኮ ንበዓል ቤተይ ደጸብዩዎ እየም ዘለዉ ኢልኪ ክትክልክልዮ ትኽእሊ ዲኺ? ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ንሰለስተ ሰዓታት፡ ድሕሪ ደጊም ንዓይ ከም ዝሞትኩ ቍጸርኒ!”

ብርግጽ፡ ካብ ስራሕካ ዝኾነ ግዜ ክትቀርጾም ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ብዘየገድስ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትሰርሖ እንከለኻ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብኡ ኢኻ ክትጥሕል ዘሎካ። ልክዕ ‘ንዓለም ከም ዝሞትካዮ’ ክተምስል ኣሎካ። ኣብታ ግዜ እቲኣ፡ ካብ እቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ዝያዳ ትርጉም ዘለዎ ዕዮ፡ ዝኾነ ሓይሊ ክፍንትተካ ኣይግባእን። ነታ ግዜ እቲኣ፡ ንህላወ ኩሉ ካልእ ነገር ከም ዝኸሓድካ ኢኻ ክትመስል ዘሎካ።

ንፈለማ ግዜ ማኪና ምዝዋር ክትመሃር እንከለኻ፡ ዝኾነ ኣቓልቦኻ ዝሰልብ ከጋጥመካ ኣይትደልን ኢኻ። ኣብታ ትላመደላ ዘለኻ ማኪና፡ ሰባት ከዕልሉ እንተ ጀሚሮም፡ ሱቕ ክብሉልካ ኢኻ እትምሕጸን። ኩሉ ኣድህቦኻ ናብቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ፡ ጽርግያ ጥራይ ኢኻ እትገብሮ።

ማኪና ምዝዋር ጸቢቕ ገይርካ ምስ መለኸኺያ ግዱ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እናካየድካ ክትመርሓ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ሬድዮ እናሰማዕካ፡ ናይ እታ መዓልቲ ውጥንካ እናውጻእካ፡ ብሞባይል እናደወልካ (ዋላ እኳ ብሕጊ ትራፊክ ቅቡል እንተ ዘይኮነ)፡ ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ትርኢት እናደነቕካ፡ ማኪና እትዕሸገሉ ቦታ ሃሰው እናበልካ፡ … ማኪና ክትዝውር ትጅምር።

ኣድህቦኻ ንምዕባይ ሓንቲ ሓሳብ ጥራይ ምረጽ፡ ኣቓልቦኻ ድማ ኣብኡ ጥራይ ግበር፡ ኣብኡ ጥራይ ከኣ ስራሕ። ኣብ ሓደ ነገር ሰቕ ኢልካ ከተድህብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ኣብ ሓደ ሓሳብ ንኽተድህብ ዝድርኹ ረቛሒታት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም እቲ ሓሳብ መሳጥን ኣገዳስን ክኸውን የድሊ።

ንኣእምሮና ከዝንጽሆ ኣለና። ንሕና እቲ እንሓስቦ ኢና። ሓሳብና ንዝውንኖ ናይ ምውሳን ሓይሊ ከም ዘለዎ ክንስሕቶ ኣይግባእን። ሓደ ሰብ ካልኦት ሰባት ከጥቅዕዎ ይዳለዉ ከም ዘለዉ እንተ ሓሰበ፡ እቲ ጉዳይ ሓቂ ይኹን ሓሶት ብዘየገድስ ምፍርሑ ኣይተርፎን እዩ። ሓደ በሊሕ ቁልዒ ደንቆሮ ከም ዝኾነ እንተ ሓሰበ፡ ይንዋሕ ይሕጸር ምድንዛዙ ኣይተርፎን እዩ።

**“ገለ ነገር ክትዕወት እንተ ደሊኻ፡ ኣዒንትኻ ቋሕ ኣብለን። ኣድህቦኻ ኣዕቢ። እሞ፡ ነቲ እትደልዮ ብልክዕ ከም እትፈልጦ ኣረጋግጽ። ዝኾነ ሰብ ኣዒንቱ ዓሚቱ ዕላማኡ ክወቅዕ ኣይክእልን እዩ።” - ፓውሎ ኮሊሆ**

**“ንጭንቀትካ ክትቈጻጸር እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ እቶም ዘጋጥሙኻ ፀንቀፋታት፡ ኣብ እቲ ወጽኢት ኣዕሚቕካ ኣድህብ።” - ቶኒ ሆድጅ**

ይቕጽል

# ጸጋታት ባሕሪ

## ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ

መኮንን ሺሻይ

ብመንጽር ዝነብሩዎ ስፍራ፡ ዓሳታት ባሕሪ 'ፐላጂክን' 'ደመርሳልን' ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። "ፐላጂክ" ማለት ልዕሊ ባይታ ባሕሪ ዝርከብ ክፋል ወይ ቀጻላ ማይ ክኸውን እንከሎ፡ "ደመርሳል" ድማ ታሕታዋይ ባይታን ከባቢኡን ዝርከብ ኣካል ናይ ማይ እዩ። ፐላጂክ ዓሳን ደመርሳል ዓሳን ድማ ኣብዚ ክፋላት ናይ ማይ ዝነብሩ ዓሳታት እዮም። ኣብ መሬት ዝዓበየ መቓምጦ ወይ ስፍራ ምዃኑ ዝንገረሉ 'ፐላጂክ፡ 1,370 ሚልዮን ኪ.ሜ ኩብ ቅጺ ክህልዎ እንከሎ፡ 11% ናይቶም ፍሉጣት ዓሌታት ሰፈር ኮይኑ እዩ። ዕምቈት ምርኩስ ብምግባር ዞባ ፐላጂክ ኣብ ኣርባዕተ ቀጻላታት ይኽፈል። ካብ ጽፍሒ ባሕሪ (ባዶ ሜትሮ) ክሳብ 200 ሜትሮ ዕምቈት ዘሎ ዞባ "ኢፒፐላጂክ" ካብ 200 ክሳብ 1000 ሜትሮ "ሜሶፐላጂክ" ካብ 1000 ክሳብ 4000 ሜትሮ "ባቲፐላጂክ" ትሕቲ 4000 ሜትሮ ዘሎ ዕሙቕት ድማ "ኣቢሶፐላጂክ" ይበሃሉ።

ከም በዓል ሳርዲን (በለም)፡ ኣንቾቪ (ወዚፍ)፡ ሀሪንግን ካልኦት ዘኣመሰሉ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ክኾኑ እንከለው፡ ከም እንበዓል ዱራዱ፡ ቢያድ፡ ቱና፡ ሻርክ ዘኣመሰሉ ድማ ዓበይቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ እዮም። ቻርንያ፡ ቦላ፡ ሸዐር፡ ምዑዝን ካልኦትን ከኣ ደመርሳል ወይ ዓሳታት ባይታ ባሕሪ ይባሃሉ። እዚ ሎሚ ክንዛረበሉ ሃቂና ዘለና ኣርእስቲ፡ እምበኣር ሓፈሻዊ ኣምሪት ብዙሓ ንኣሽቱ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ማለት ሳርዲን፡ ኣንቾቪን ሀሪንግን እዮም። እዞም ዓሳታት 'ፎረጅ ዓሳታት' ብዝበል ኣጸዋውዳ ማለት መግቢ ናይ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ዓሳታት ምዃኖም እዮም ዝፍለጡ።

ሙብዛሕቲኦም ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ዝበዝሐ እዋናት ኣብ ኢፒፐላጂክ ዘሎ ዞባ ይነብሩ። ቀጻላ ኢፒፐላጂክ ብphotic zone ዝፍለጥ ኩይኑ ኣብ'ዚ ዞባ ጸሓይ ብርሃን ኣብ ጸሩይ ማይ ክሳብ 200 ሜትሮ ክበጽሕ ይኽእል። እዞም ደቀቕቲ ዓሳታት ዝምገብዎም ደቀቕቲ ኣንሰፈፍቲ ኣታኽልቲ ባሕሪ (ፋይቶፕላንክተን) ብመሳርሒ ፎቶሲንተሰስ መግቦም ንኸዳልዉ እኹል ናይ ጸሓይ ብርሃን ስለዘድልዮም ኣብ'ዚ ዞባ ተሓጺሮም ክነብሩ ይግደዱ። ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ከም ኩነታት ባሕሪን ህላወ ዓይነት መግብን ብኽልተ ኣገባብ ክምገቡ ይኽእሉ። 'ኩፖፖድ' ዝበሃሉ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ እንስሳታትን ላርቫን ናይ ዝተፈላለዩ ዓሳታት ኣብ ዝበዝሓሉ ወይ'ውን ፋይቶፕላንክተን ኣብ ዝውሕደሉ እዋናት እዞም ዓሳታት ኣብ ከባቢኦም እናዛወሩ ነዞም እንስሳታት ብምልቃም ክሰንቁ ይኽእሉ። 'ዞም ዓሳታት ብዓቢ ዕስለ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብቐጻሊ ይሰግሙ። ሙብዛሕቲኡ እዋናት ኣብ መንጎ ዝፋረየሉን ዝምገቡሉን ቦታታት ክሰግሙ ይረአዩ።

እኹል መዓድንን ጸሓይ ብርሃን ኣብ ዝህልወሉ ግዜያት፡ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣትክልቲ ባሕሪ ብቐሊሉ ስለዝበዝሑ ደቀቕቲ ዓሳታት እኹል መግቢ ክረኽቡ ይኽእሉ፡ እዞም ደቀቕቲ ዓሳታት ድማ ኣፎም ከፊቶም ንቕድሚት እናሓንበሱ፡ ማይ ባሕሪ ብኣፎም ኣቢሉ ብሩዳዮም ብምውጻእ፡ በቲ መሰሳዕቲ ዝመስል ንሩዳዮም ምስ ማይ ባሕሪ ተለኪሞም ዝኣተወ ፋይቶፕላንክተን እናዘፍቁ ይምገቡ። ፍርያምነት ናይ ዝኾነ ማያዊ ኣካል ብህላወን ብዝሕን ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ደቀቕቲ ኣንሳፈፍቲ ኣታኽልቲ (ፋቶፕላንክተን) ባሕሪ ይውሰን። እኹል ፋቶፕላንክተን ኣሎ እንተተባሂሉ ብዙሓት ንኣሽቱ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ኣለው ማለት ስለዝኾነ፡ ብዘዘዋዋሪ ፍርያምነት ናይ'ዞም ዓሳታት ክፍለጥ ይከኣል።

ኣብ'ዚ እዋን ፍርያምነት ናይ ሓደ ማያዊ ኣከባቢ፡ ካብ ሳተላይት ብዝርከብ ናይ ማያት ስእልታት ብቐሊሉ ክፍለጥ ይከኣል። ብዙሒ ህላወ ፋይቶፕላንክተን ብሳተላይት ብቐሊሉ ክልለ ዝኽእል ብምዃኑ ፋይቶፕላንክተን ኣብ መሳርሒ ምፍላጥ ፍርያምነት ባሕሪ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ጥምጥም ፒሩ፡ ሰሜናዊ ኣትላንቲክ፡ ምዕራባዊ ጥምጥም ኣፍሪቃን ኣመራጺን ዛጊት ለዑል ፍርያት ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ዘለዎም ኣካል ማያዊ ዓለም ምዃኖም ይፍለጡ። ብመሰረት ጸብጻብ ትካል ውድብ ሕርሻን መግቢ ዓመታዊ ኣስታት 22 ሚልዮን ቶን ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ተገፊፎም ንዝተፈላለዩ መዓላታት ከምዝውዕሉ ይፍለጥ። ከምኡ'ውን እቲ ውድብ ኣብ 2020 ዓም ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ዳርጋ 25% ኣብ ዓለም ካብ ዝርከቡ ዓሳታት ተመዝሚዞም ወይ'ውን ተጓሒጎሖም ከምዝለዉ ይገልጽ። ገለ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ብዙሓ ጸጋታት ዓሳ ክገልጹ እንከለው፡ ብሓፈሻ ጸጋታት ዓሳ ዓለም ክሳዕ ጥርዚ ተመዝሚዙ ከምዘሎ ይሕብሩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ድማ ማጠኑ ዘሓለፈ ብዝሒ ገፈፍቲ መራኽብ ምውፋር፡ ብዘይ ዓቕን ናይ ዓሳ ኮታ ምውሃብ፡ ህላወ ናይ ዘይሕጋውያን ምግፋፍ ዓሳን ዘይቅርዑይ ምሕደራን ምዃኑ እዩ ዝገልጹ።

ንኣብነት፡ ኣብ 1950 ሰራሓት ዓሳ ሳርዲን ካሊፎርንያ፡ ኣብ 1960 ሰራሓት ዓሳ ሀሪንግ ኣትላንቶ-ስካንዴቪያ ኣብ 1972 ሰራሓት ዓሳ ኣንቾቪ ፐሩቪያን ምሉእ-ብምሉእ ዝዓነወ ትካላት ንዓለም መማሃሪ ክኾና ይግባእ። ልክዕ እዩ ጸጋታት ባሕሪ ዓለም ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ምድንፋዕ ቁጠባን ናይ ሓንቲ ሃገር ዝጻወቶ ተራ ቀሊል ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ። እንተኾነ ቀጻልነቱ ብዘውሕስን ንወለዶታት ከምዝሓልፍ ገርካ ምጥቃም ዘበለጸን ዘዋሳሙን እዩ። እቲ ካልኣይ ዝዓበየ ጠንቂ ምንቅልቃል ብዝሒ'ዞም ዓሳታት 'ኢል ኒኖ' ዝተባህለ ዘይንቡር ምቅይያር ኩነታት ኣየር እዩ። እዚ ዓይነት ኩነታት ምቅይያር ብቐጥታ ንብዝሒን ህላወን ንመግቢ ናይቶም ንኣሽቱ ዓሳታት ዝኾነ ፋይቶፕላንክተን ብምብዳም፡ እዞም ዓሳታት ጠቕላላ ከም ዝውድኡ ይገብር።

ልዕሊ 60% ካብ ጸጋታት ምህርቲ ዓሳ ጥምጥም ባሕሪ ኤርትራ በዞም ዓይነት ዓሳታት ይውከሉ፡ እዚ ማለት ኣብ ዓመት ካብ ባሕሪ ኤርትራ ኣስታት 50 ሽሕ ቶን ምህርቲ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ክሕረስ ይከኣልን ከምኡ'ውን ኑቲ ዝተሓፈሰ ምህርቲ ባሕሪ ብቐሊሉ ክትክኣ ይኽእልን። እዚ ብዝሒ ህላወ ናይ ገዛእ ርእሱ ብልጫ ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ከም ብልጫ ዝርአ፡ ነዞም ዓሳታታ 'ፐርሰር' ወይ 'ሸሽላ' ብዝበሃል ዓይነት ኣጋፍፋ ተገፊፎም፡ ኣብ ጸሓይ ወይ መንቀጺ ማሽን ብምንቃጽ ብቐሊሉ ተዳልዩ ናብ ዓማዊል ክቐርቡ ዝከኣል ብምዃኖም እዩ። ምኽንያቱ ካልኦት ዓይነት ዓሳታት ተገፊፎም ናብ መወዳእታ ተጠቃማይ ክበጽሑ፡ ጊዜ ወፍሪ ዝጠልብ መስርሕ ብምዃኑ እዩ።

ሸሽላ ኣብ ቀረባ ዓሞቑትን ባሕሪ ዝድርበ ለቓታ ሰኪዔት ኩይኑ ኑቶም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዝርከቡ ደቀቕቲ ዓሳታት ከም በዓል ወዚፍን በለምን ወቕታውያን ብዕስለ ዝዋዙ ዓሳታት ንምሓዝ ይጠቅም። ብሉይቲ ዝቀደደ መስርሕ ሸሽላ ብመብረሂታታት ነኣሽቱ ጀላቡ ተሓጊዙ ዝቀደደ ኩይኑ፡ ጉጅለ ዓሳታት ዘለዎ ቦታታት ብ'ኢኮሳውንደር' ዝበሃል መሳርሒ ድሕሪ ምልላይ መስርሕ ኩሉላ ሰኪዔት ይጅምር። ለቓታ ሰኪዔት ምስ ወጸ ብቐጥታ ዓሳታት 'ብስኩፕ ኔት' ከምዝወጽኡ ይግበር። በዚ መስርሕ ብዝሒ ዓሳታት ስለዝወጹ ገፈፍቲ ዓሳ ተቐላጢፎም ከም ዝሓፍስዎም ይገብር። እዞም ዓይነት ዓሳታ ንመግቢ ዶርሆን ጠለ በጊዕን ዝምስርሑ ኩይኖም ኣብ ጠቐሚ ሰብ ንምውዓሎም፡ ሓያል ጻዕርን ፈተነን ይግበር ኣሎ።

ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ብፍላይ ሳርዲንን ኣንቾቪን፡ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሓጋይ ካብ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ክሳዕ መጀመርያ ግንቦት ካብ ማእከላይ ደቡባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ ናብ ጥምጥም (ጥቓ መሬት) ይሰግሙ። ዛጊት ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ንንግዳዊ መዓላ ክውዕሉ ዝኽእሉ ኣርባዕተ ዓሌታት ሳርዲንን ክልተ ዓሌታት ኣንቾቪን ተለልዮም ኣለው። ነፍሲ-ወከፍ ወቕቲ ዓቢ ዕስለ ሳርዲን ናብ ጥምጥም ዳህላክ ብምምጻእ ይጅምር። ወዚፍ ድማ ዱሓርም ካብ ወርሓት ሕዳርን ታህሳስን ናብ ጥምጥም መሬትን ደሴታትን ክቐልቀሉ ይጅምሩ። ብኸምዚ ከኣ እዚ ወቕቲ ኣዝመራ ናይ "ሳርዲንን ወዚፍን" ክበሃል ይከኣል።

ኣብ'ዘን ኣዋርሕ መቓምጦ ናይ'ዞም ዓሳታት ኣብ ጥምጥም ባሕሪ ትሕቲ 25 ሜትሮ ዘሎ ዕሙቐት ኩይኑ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ክሳብ ጠያ ኣብ ሰዓታት ዓም ብልምዳዊ ኣገባብ ይግፈፉ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። ኣብ ደቡብን ሰሜንን መትረብ ምጽዋዕ ኣብ ቀንዲ መግፈፊ ባይታታት ወሽመጥ ዙላ ኣረፋይለን ማልካቶ ከምኡ'ውን ወሽመጥ ሕርጊጉ ሳርዲንን ኣንቾቪን ብዙሒ ይግፈፉ ከምዝነበሩ ይሕበር። ኣብ ደሴታት ዳህላክ እንተኾነ'ውን ጆርም፡ ሃዋቲብ ኩባሪ ቶር፡ ሕርሚልን ኖራን እዞም ዓሳታት ብብዝሒ ከም ዝግፈፉ ዝነበሩ ሰነዳት ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ እዋን ምህርቲ ሳርዲንን ኣንቾቪን ኣብ ጥምጥም ባሕሪ ኤርትራ ከም'ቲ ዝድለ ንኽፍይሁ ዝዕብር እዋናዊ ብድሆታት ኣለው። ገፈፍቲ ዓሳ ልምዳዊ ኣገባብ ኣጋፍፋ ብልምዳውያን ጀላቡ ሳንቡቅን ሁሪን ስለዝጥቀሙ፡ ብሰንኪ ማዕበል ባሕሪ ኣብ ወሽጢ ሓደ ማይል ዘይርሕቕ ጥምጥም ተሓጺሮም ክነፍሩ ይግደዱ። ብኸምዚ ድማ ከም'ቲ ዝድለ ብዝሒ ዓቕን ክሕዙ ኣይክእሉን። ከምኡ'ውን ደረጃ ንቕሓት ኣብ ጥምጥም ይኹን ኣብ ርሑቕ ከባቢ ዝነብሩ ሕብረተሰብ ብዛዕባ'ዞም ዓሳታት ድሩት ብምዃኑ፡ ከም'ቲ ዝድለ ጠለብ ክህልዎ ኣይክኣለን። እንተኾነ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣብ'ዚ እዋን ነዞም ዓሳታት ኣብ ጠቐሚ ሰብ ንምውዓሎም ሓያል ጻዕሪ ፈተነን ኣብ ምክያድ ይርከብ። እቲ ካልእ ዝዓበየ ብድሆ፡ እዞም ዓሳታት ወቕታውያን ብምዃኖም፡ ብልክዕ መዓስ ደራብሉን ይሰግሙን ጥልቕ ዝበለ መጽናዕቲ ብዘይምህላው፡ ኣብ ንጥፈታት ምግፋፍ ዓሳ ኣሉታዊ ጽልዋ ከይሃለዎ ኣይተረፈን።

እዚ ሕጂ ከም መሳርሒ ምሕደራ ኩይኑ ዘገልግል ዘሎ ግምገማ ስቶክ እንተኾነ'ውን ኣብ ሰሳታት ዝተገብረ መጽናዕቲ ብምዃኑ "ኣተኣማማኒ" ክበሃል ኣይከኣልን።

ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ ቀንዲ ምንጪ ዝተፈላለዩ መኣዛታት መግቢ ማለት ከም ኦሜጋ 3 ፋቲ ኣሲድ፡ ቫይታሚን ቢ12፡ መዓድናት ካልሽም፡ ፖታሽም፡ ፎስፈርስ ወዘተ ብምዃኖም ኣብ ጥዕናን ህንጸት ኣካላት ደቂ-ሰባትን ዕዙዝ ተራ ይጻወቱ። ሰራሓት ዓሳ ኤርትራ ከም'ቲ ኩሉ ጽላታት ብጦዕዙይ ምሕደራ ዘሓለፉ ገዚኣትን ድሒሩ ብዝመጸ ኩናትን ካልኦት መሰናኽላትን ተሃሲዩ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ከም'ቲ ዝድለ ቀረብ ዓሳ ኣሎ ክበሃል ኣይድረፈርን። እንተኾነ እዚ ዕቑር ጸጋታት ሃብቲ ባሕሪ ብፍላይ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ፡ ኣብ መጻኢ፡ ብጥበብ እንተ ተመሓዲሩን ተመዝሚዙን፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግብን ምሕዋይን ቁጠባ ሃገርን ክህልዎ ዝኽእል ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን።



ዘመናዊ ኣጋፍፋ ደቀቕቲ ዓሳታት ላዕለዋይ ጽፍሒ ባሕሪ



ምህርቲ ደቀቕቲ ዓሳታት ካብ ባሕሪ ኤርትራ



ንቑጽ በለም

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## "ቋንቋይ ሓሊፋስ ቋንቋ'ዚ ኣድማስ ፈሊጣ"


ረቡዕ19 ሚያዝያ 2023

10:15 ቅ.ቐ.

ስታድዩም - ኣስመራ

ምስ ጓል ተስፋይ ተራኺብና ተሓጒሲ ዳየሪየይ። ጽዑቕን ዘይብረሃካን ስራሕ ተዋሂቡና ብምንባሩ፡ ንዝኾነ ሰብ ክረክብ ግዜ ኣይነበረንን። እንተደለኹ'ውን ብድኻም ምኽኣል ስኢነ እገድፍ። ጓል ተስፋይ ዘይከም ካልኦት ኦፌሰይ'ያ ትመጽኣኒ። ካብ ዘይንራኽብ ኣዋርሕ ኣሕሊፍና ነበርና። ናፊቐያ'የ ቀንየ። እተን ኩሉ ግዜ ቅድመይ ዝጉንፋኣ መሳርሕተይ፡ እንታይ በዲለናኣ እንድዒ ኣይፍተዋኣን እየን። ተታሓሒዝና ክንወጽእ እንክለና፡ እትኸዶ ኣካይዳ ኣብ ኮረድዮ ስራሕና ጥራይ'የ ዝርእዮ። ክትመጽኣኒ እንከላ ዝናፈቕኩዎ ሰሓቕ ይምለሰኒ፣ ዝነበረኒ ድኻምን ስልቻውን ሻቡ ይስወር። ለንቀነ ክረኽባ ብሂገ'የ። ዝበዝሐ ግዜ ናይ ልበይ ክናፍቓ እንክለኹ'የ ዝረኽባ። ሓደ መዓልቲ፡ "ክናፍቐኪ እንክለኹ ኣጋጣሚ ግድን'የ ዝረኽበኪ፡" ኢለያ።

"እሞ ምሳኻ ቁጸራ ምግባር ኣይየልየንን'ዩ ዝሓወይ፣ ጥራይ ናፍቐኒ፡" ኢላትኒ። ተቛጺርና ዝተራኸብናለን መዓልታት ውሑዳት'የን። ኣስመራ ንብዝሕ ዝበለ መዓልታት ኮፍ ክትብል እንከላ እኽዳ'የ።



ብፊተይ ርእሳ ኣምሪሓ ምስ ተቐልቀለት ልበይ ፈግ ኢላ፣ እናተፈለጠኒ ሓጒስ ተኻዕወኒ። ሕቑፍ ኣቢለ እናሰዓምኩዋ፡ ትርኢታ ምልዋጡ የሕሰበኒ ነይሩ። ብዙሕ ዝሕተት ሕቶታት ከም ጋሻ ውሕጅ ዓፍዓፍ እናበሉ ተለዓሉኒ። ዝኾነ ከይበልኩ ግን፡ "በጃኻ'ለካ ካብዚ ኣውጽኣኒ፡" በለትኒ። ምስ ስራሕና ገለ ሕማም ኣለዋ። ከም ኣመለይ ከላልያ ኣሃዱ ምስ በልኩ መሪሕትኒ ወጽኣት።

ከመይላ ሽኩራ ሓፍተይ፣ ድንጽዉ ኢሉኒ፡ "ኣንቲ!" በልኩዋ።

"ስቕ ጥራይ በል።"

ኣፈይ ኣታሚመ፣ ኣብ ርእሲ ምግራም - ምግራም ተወሰኽኒ። ጓል-ተስፋይ ነብሳ ኣልዒላ፡ ተሸኺኹራ፡ ወጀሃላይ ምኳን ገዲፉ ጓል መሲላ፣ ምሒር ቆንጂያ። ሻሂ እናስተና ጉዳይ ጥዕናናን ቤተ-ሰብናን ተሓታቲትና፣ ኩሉ ከም ቀደሙ'ዩ ዘሎ። ኣመላልሳኣን ትሓተኒ ዝነበረትን ግን ብሓቂ ሓዲሱኒ ጸጺኒሐ ኣስግል ነይረ። ኣዘረርባኣ ዋዒኡ ኣጥፊኡ ረዚኑን በርቲዑን። ጸጺኒሑ እንከመዛዝና ንስሓቕ ኣድሂቡለይ።

"ኣበይ ቀኒኺ?"

"ዓዲ!"

"እንታይ ነይሩ?"

"ማይ-ጨሎት! እንዳ ሕዳስ! ሰብ ምኳን ኣብዩኒ ነይሩ፡" በለትኒ። ኣነ ኸኣ ኣሰቅጥ! ተዓኒደ ምጥማት ጥራይ። ዘይከም ካልእ እዋን ኣነ ሰማዒ ኩይነ፡ ንሳ ኸኣ መዳሪት፡ መዓዲት፡ መሃሪት ኩይና። ጽቡቕ ገይራ ክትጥምተኒ ከላ ሕፍረት ይስመዓኒ ነይሩ። ከምዚ ኣብ ቅድሚ ኣደኻ ዝህልወካ ሕፍረት። ስራሕ ተረሲዑ ክልተ ሰዓት ኣዕሊልና። ጓል ተስፋይ ከምዚ ኩይና ክርእያ ተሓጒሰ፣ ንነብሰይ ግን ሓዚነላ።

"ኣንቲ ሳራ እንታይ ክትረኽቢ ዘይትማልእኒ!" ኢለያ።

ኣጠማምታይ ኣስተውዒላትላ፣ "ኣገሪመካ ምሽ!" ምስ በለትኒ፡ ብዛዕባ ምግራም ዘዕለልናዮ ትዝክሮዶ ትኸውን ኢለ ሓሰብ። ከመይ ድያ ኩይና፡ ሎሚ ቋንቋይ ሓሊፋስ ቋንቋ'ዚ ኣድማስ'ያ ፈሊጣ ዘላ።

"ሓድሽካ ምሽ! ከምኡ'ዩ። እቲ ትብለኒ ነበርካ'የ ደጊመልካ፡ 'ታይ ኩይኑ ይሕድሽካ?"

"'ታይ ፈሊጠ!"

"ስማዕ! እዚ ዘለኻዮ ቦታ ንባዕሉ ሎሚዶ ጽባሕ እናበለ ንመዋእል ተጠሚሩ፣ ንዓኻ'ውን ሰሚርካ'ሎ፡" በለትኒ። ስራሕና ኣብ ርእሲኡ ኣሽሓት ሰባት ዘቐምጥ ኮንክሪት'ዩ ተደብዲቡ። ካብ ቀደም'ዩ ነይሩ ከምኡ ኢሉ። ሳራ ግን ነቲ ኣብ ልዕለይ ዘሎ፡ ምስ ኣብ ውሽጢ ርእሰይ ዝነበረ ኮንክሪት ኣመሳሲላቶ ምህላዋ እፈልጥ'የ። ሳራ ቅጭን!

ምስ ተፈላለና ዓው ኢላ፣ "ቅንዩ'ለ ሓደ ብስራት ክነግረካ ክመጽእ'የ፣ እንተኾነ ብስራትካ ይቕድም ይኸውን፡" እዚ ናይ ሎሚ'ውን ዓቢ ብስራት'ዩ። ቅንዩ ኢላ እንታይ ብስራት ከተምጽኣለይ ትኽእል ትኸውን? ኢለ ኣይሓሰብኩን። ተወዲኡ'ዩ! ቅንዩ ኢላ ኸኣ ካልእ ብስራት ከም ተምጽኣለይ እፈልጥ ኣለኹ። ብዓቢኡ ግን ኣነ እንታይ ብስራት ከጽንሓላ'የ ከሕስበኒ ኣርፊዱ።

***

## ልበይ ክርሖ ግዱ'ዩ

18 መጋቢት 2023

ኣፍዓበት

9:30 ቅ.ቐ.

በይነይ'የ ቀንየ። ከይጽምወኒ ፈሪሐ ነይረ። ግና ጋሻ ስምዒት ልበይ ክኾሕኩሖ ካብ ዝጅምር ገለ ኣዋርሕ ኣቍጺሩ'ሎ መሰለኒ።

'መን ኢኻ?'

ኣሰቅጥ። ገጹ ክለልዮ ኣይከኣልኩን። ኣፍደገ ልበይ ዝኾሕኩሖ ካብ ዘይረክብ ዓመታት'ዩ ኩይኑ። ብማዕዶኡ ዝሓልፍ ጠመተ እንተ ዘይኩኑ፡ ደፊሩ ዝንውንዎስ ይትረፍ ብኣገባብ ዝኾሕኩሖ ኣይረኸበን። እዚ ገሻ ስምዒት ግን ቀቀንዩ ክመላለስ ነዊሕ ኣቍጺሩ ኣሎ። ቀደም፡ ቅድሚ ገለ ዓመት'ኳ ምልክቱ ርእየ ዝፈልጥ እንተ ኹንኩ፡ ዘይብጽሓኒ ገይረ ወሲደዮ'የ። እንሆ ኸኣ ሕጂ ኣብዛ ጽምዋይ ምልስ ምልስ ይብል ኣሎ።

'ኣታ መን ኢኻ?'

ኣሰቅጥ። 'በል ብእኡ ገይሩ ይጽቀጥካ!' ክረግሞ ሓሰብ። ግን ፈሪሐ ኸኣ። ክልተኡ'ዩ ዘፍርሓኒ። ስቕ ምባሉ'ውን ከም ጽቡቕ ወሰድኩዎ። ነዊሕ እዋን ዝተዓጽወ መዓጾ ልበይ ክኸፍት'ውን ትብዓት የድልየኒ'ዩ። ግዳ መን ምኳኑ ከይፈለጥኩ እንተ ከፊተዮ ብእኡ ኣቢሉ ንፋስ ከይኣትወኒ ኸኣ የፍርሓኒ። ምልስልሱ ግዳ ኣይጸላእኩዎን።

'መን ኢኻ? ትንፋስካ እሰምዖ'ለኹ፡' ኣርሒብ ክብሎ ዝተረፈኒ የለን።

## መምሃሪ ኣይኽላእ

18 ሕዳር 2010

ኣስመራ፣

10:45 ድ.ቐ.



ሎሚ ሎሚ ዝመጽኣኒ ዘሎ ጋሻዶ ክብሎ ዋላስ ተዓብዒቡ ዝነበረ ክርደኣኒ ኣይከኣለን። እነሆ ሕጂ መጋረጃኡ ቀንጢጡ ኣለኹ ይብለኒ። ድምጺ ናይታ ተወሊዓ ዝነበረት ቴብ ዝደቀሰ ዘበራብር ክንሱ፡ ንዓይ ግን ዋላ'ኳ ካብ ሓሳብ ክመልሰኒ ዕድል ኣይሃብክዋን። ሰሓቕ መርሃዊት ግን ሓይሉ ኣርእዩኒ። ካብቲ ተጋይሸዮ ዝነበርኩ ሓሳብ ሻቡ ምልስ ኢለ። እዋይ መርሃዊት፡ ዓለም ክንድ ብእሾኺ ዝተቐበለታ፡ ንሳ ኸኣ ወትሩ ሰሓቕ ትመልሰላ።

ኣንቲ እዛ ዓለምሲ ብኸመይ እያ ተኸቢባ? ኣብ ጂኦግራፊ ኣይኩንኩን፣ ኣብ ስምዒታት ምንባርን ናይ ህይወት ኣሰራርዓን ማለተይ እየ። ገለና ብንእሽቶ ነገር ሸቐልቀል ንብል፡ ገለ ኸኣ መዐየሪ እትስእኖሉ ምስ ኣጋጠማ ነቕ ምባል ትስእን። ዋላ ዕንጨቕሊት ትኹን ሓሳብ ፍሉይ ስፍራ ኣለዋ። ክሳዕ ንዓኣ ዝኸውን መፍትሕ እትረክብ ኣብ ከምዚ ዘለኽዎ ህሞት ትውተፍ። ምሳይ ኣብ ማህጸን ኣደይ ዝነበረ፡ ምሳይ ዝዓበየን መሰታይን ኩይኑ ዘሎ፣ ኣነ ክንዲ ሰብ ኣኺለ ንሱ ኸኣ ከም ክንዲ ጎቦ ዝኾነ ኩይኑ ይስመዓኒ ኣሎ። ኣንቲ ዳየሪየይ ኣጨኒቐኪ'ድየ? ብዛዕባ ምንታይ ምኳኑ ድሮ ቀብ ኣቢልክኒ ትኾኒ። ምኽንያቱ ኣብቲ መጀመርታ ገጻትኪ ስመይን ስም ኣቦይን ርኢኽዮ ኢኺ። ከምኡ ስለዝኾነ እታ ንዓና ከተዕቢ ኣብ ሓውን ማይን፡ ጸልማትን ብርሃንን ሓሊፉ፣ ኣብ ጉድንና ዘላ ማማና ዓሰባ ክመልሶ ናይ ወትሩ ሕልመይ'ዩ። ትርጉም ኣቦነት ስም ጥራይ ኩይኑ። ነዛ ክሪኦ ኣይሃርፍን'የ፣ እምበርከስ ኣይለመድክዎን። ንደቁ እንታይ ከም ዝገበር መዓስ ጠፊእዎ! ከም ደቁ ክቕበለና ንሱ ዝደልዮ ከነማልእ ኣለና።

ክሳዕ ሽዑ ምስዚ ዘለና ግናይ ስእሊ ተወሲኹ፡ ናይ ገዛና ገድሊ ተመላሊኡ፡ ናብታ ናይ ምርጫና መዓልቲ ከነብል ኢና። ካልኦት ከምዚ ከማይ በብሓደ ክርእዮም እንከለኹ፡ "ማንቲለስ ዘሊላ ዘሊላ ናብ መሬታ፡" እዩ ዝኾነኒ። ሎሚ ዘይኮነት ጽባሕ'ያ ኸኣ ነዚ ዘለኽዎ ኣመንጭያትለይ። መምሃሪትን ተስፋ እትልግሰለይን ጥቕሲ ክነግረኪ ዳያረይ። እዛ መርኣይን መስምዕን ዘይወነነት ግን ከኣ ትርእን ትሰምዕን፣ ኣብ ኣከዳሚያዊ ትምህርቲ ዝተመሃርክዋ ሄለን ከለር ዝበለታ'ያ። "ኣብ ዓለም ኣሽሓት ሽግራት ኣለው። እንተኾነ ሚልዮናት መፍትሒታት ኣለውዋ፡" እትብል ጥቕሲ ኬፍ እያ ትህበኒ።

"ዘይንሪኦም ነገራት ኣብ ዓንኬልና ከቢቦምና ኣለው። ሰኣን ምርጫና ግን ንምልላዮም ግዜ ንወስድ፡" እናበለ የማኽረኒ መማኽርተይ። ነዚታት እናኣመንኩ'የ መፍትሒይ ዘናዲ ዘለኹ። እንተኾነ ግን ሓንሳብ ሓንሳብሲ ግናይ እሓስብ። ንነብሰይ ኣብ ቦታ ህልዋትን ዘይህልዋትን ኣእትየ እዕዘብ። እንተኾነ ንኽሓስብ ግዜ ዘይትህበኒ መርሃዊት መሓዛይ፡ "ባዕለይ ዝፈጠርክዎ ትንፋስ ባዕለይ ክሳዕ ዝወስዳ ማንም ሰብ ከይትንክፋ፡" ይብል'ዩ ትብለኒ። መሊሰ ኸኣ ይጥሕል። መራ'ኳ ዘላቶ ንበይና እናነበረት ኣነ ኸኣ ክልተኦም ወለደይ ዘወነንኩ ክንሰይ እናበልኩ ይጸናናዕ። ንዝጸልመታ ባዕላ ኣብርሀ ተብሎ። ሚዛን ኣነባብራኣ ኣቕልል ኣቢላ'ያ ትዕይሮ። ዝኾብዳ ዘበለ ነገር የለን። ብግብሪ ዝረኣኽዎ ክንሰይ ስቕ ኢለ እህውትት። ምስ ውሽጠይ ተራዳዲአ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ልክዕ ከም ሓዋ ክኸውን ቃል ኣትየ እየ። ንመሓዛይ ከም ሞዴለይ ኣብ ልዕለይ ክሰቕላ'የ፣ "she is my hero!" መምሃሪ ኣይግበርካ መምሃሪ ኣይኽላእካ እንድዩ ዝብሃል፡ ብሰሪ ዘይምምስጋነይን ተስፋይ ዘይምዕዛዘይን፡ መምሃሪ ካልኦት ካብ ምኳን የድሕነኒ።

እቲ ሕማቕ ጥራይ ኣይኩነን መምሃሪ፣ እቲ ጽቡቕ ቃልሲ'ውን መምሃሪ ሰባት ክኸውን'ዩ ዝግባእ። ሰብ ካብ ሕመቐይ ጥራይ ዘይኩነ፡ ካብቲ መንፍዓተይ'ውን ክምሃር ይኽእል እዩ፣ ወይ'ውን ኣነ ካብ ካልኦት ከምኡ። እዛ ምስላ ሎሚ እንክስተማቐራ፡ ነቲ ብጽቡቕ ሸነኽካ ሰባት ካባኻ ክምሃሩዎ ዝኽእሉ ኣይትጥምትን እያ። መርሃዊት ህይወታን ኣብ ህይወት ብሓፈሻ ዘሎዋ ኣጠማምታን ርኢኻ፡ ምምሃሪ ብዙሓት ከምዚ ከማይ'ያ። በቲ ሓደ ምንጽር መምሃሪ ብዙሓት ከምዚ ከማይ እያ። ህይወተይ ብሓድሽ መነጽር ድማ ክርእያ ጀሚረ ኣለኹ። ንዓኣ እናዘከርኩ ኸኣ ክጸንዕን ክሕይልን እየ።

ፍታዉ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፍዮሪ ተኽሊት ሰመረ ምባል ተረፉ፣ ፍዮሪ ተኽሉብርሃን ሰመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ተኽስተ ተረፈ ኣስማው ምባል ተረፉ፣ ተኽስተ ተረፈ ኣሰማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣቤል የውሃንስ ነጋሲ ምባል ተረፉ፣ ኤሮም የውሃንስ ነጋሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሰም ሃብተ ምሳዮና ምባል ተረፉ፣ ሰም ጽጋብ ደስታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቕረብ፡፡

የውሃንስ ንብረየውሃንስ ነጋሽ ምባል ተረፉ፣ ሃብል ንብረየውሃንስ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሩት የሴፍ የውሃንስ ምባል ተረፉ፣ ዊንታ የሴፍ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ዲቮራ ተዓገስ ኣፈወርቂ ስም ኣደይ ናርዶስ ኢሳቅ ምባል ተረፉ፣ ጸሃይቫ ተዓገስ በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ዘቢብ ወላይ ተኽለ ምባል ተረፉ፣ ዘቢብ ወልዳይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ፍረወይኒ ኣርኣያም ይሕደጐ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣልጋሽ ተሰፋይ ንገዝበ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኺ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ብርኽቲ ጎይትኦም ተወልደመድህን ኣደይ ኣኸዘ ኣብራ በራኺ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቦዴት ታደሰ ወልደገብረኤል፡ ወከል ኣንንሶም ኪዳኑ ጓል ሓፍተይ ወ/ሮ ኣዜብ ኣረፋይነ ኣሰረስ ብዕለት 16/9/1997 ኣብ ቤት ፍርዲ ዝዘከነ ናይ ገዛ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ እዮብ ሃብተ ሓደጉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሳዮና ተኽስተ ደባሱ ናይ ገዝበ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲ ተወልደ ሃብቶም ኤልያስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽሉብርሃን ሶግኤል ተሰፋይ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ኣቶ ክፍላይ ፍስሃ ተስፋማርያም፡ ኣዴና ኣበባ ቀሺ መርእድ ጋዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ህልዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲ ተተኪእቲ 2 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ወ/ሮ ኣልማዝ በርሀ ኣብራሃም፡ በዓል ቤተይ ፍቓዱ ገብረሂወት ደብሳይ ስለዝተሰወአ፡ ወላዲ ስለዘይገደፈ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ናሽሕ ኣርኣያ ደባሱ በዓልቲ ቤተይ ዋህድ በርሀ ኣሰረስሃኝ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ሮ ሙሉ ፍስሃየ ተስፋጋብር፡ ናይ ጥፉኣት ደቀይ ኣቶ መዛን ገብረሂወት ወልዳይ፡ ኣቶ ኣማኒኤል ገብረሂወት ወልዳይ፡ ወ/ሮ ኤደን ገብረሂወት ወልዳይ፡ ወ/ሮ ምሕረት ገብረሂወት ወልዳይ ወረሲቶም ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ዓወት ስቡሓት መዛን ምባል ተረፉ፣ ኣማኒኤል ስቡሓት መዛን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀዳዊት ደብሳይ ግርማይ ምባል ተረፉ፣ ፍትሓዊት ደብሳይ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብርሀት የማነ ገብረመስቀል ምባል ተረፉ፣ ኣኽበረት የማነ ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ሩና ግርማይ ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፣ ዮርዳኖስ ግርማይ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣድሓል ዓብዱ በኸት ምባል ተረፉ፣ ዓድል ዓብዱ በኸት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጅምዓ ሰራጅ ዑስማን ትሕቲ ዕድመ ደቀይ 1.ፈራሕ ሰዒድ ምባል ተረፉ፣ ፈራሕ ሓምደሰዒድ ኢብራሂም 2.ኢብራሂም ሰዒድ ምባል ተረፉ፣ ኢብራሂም ሓምደሰዒድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ዓሊ ሳልሕ ምባል ተረፉ፣ ዓሊ ሳልሕ መሳ ተባሂሉ ይተኣረምለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣቶ ሳሙኤል በየነ ኣስገዶም፡ ሓወይ ኢያሱብ በየነ ኣስገዶም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ገብረስላሴ ተኽለማርያም ተወልደ ምባል ተረፉ፣ ዳዊት ተኽለማርያም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሶግኤል ተወልደ ወልደማርያምን ሰምሃር ክብሮም ዓንደምን፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወድና ሳሚከ ሳሙኤል ተወልደ ምባል ተረፉ፣ ራኢ ሶግኤል ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢብራሂም ሕጃይ ፈረጅ ምባል ተረፉ፣ ኢብራሂም መሓመድ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓሰን ሕጃይ ፈረጅ ምባል ተረፉ፣ ሓሰን መሓመድ ፈረጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ መረሕ ፕንደር ነጋሲ፡ ናይ ሞግዚት መዝገብ ከፊታ ስለዘላ፡ ተጸዋዒ ዳንኤል ታደሰ ኣፍረት ን19/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ 2 ከረን

ወ/ት ሰዘ ዓንዱ ህዳድ፡ ሓዳስ ዓንዱ ህዳድ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ቀዋሚ ይኹን ተንቀሳቓሲ ንብረት ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ሰ/ቀ/ባ/ ኣፍዓበት

መሓመድኣደም ዓብደላ ዑመር ምባል ተረፉ፣ መሓመድኣደም ዓብደላ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣቶ ዘርኣብሩኽ ሃብተሚካኤል፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኤደን የማነ ገብረሚካኤል፡ በዓል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን8/2/24 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ምም. ከባቢ ሓይካ ፕሎት 74 ፓርሰል F ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜተር 7 ቀንዲ ክፍሊ፡ 3 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ፡ ብስም ነ/ሄራት ዝፋን ኣብርሃ እማን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ምም. ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና መተኣማመኒ ወረቐት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣዝመረት ሞገስ ተሰፉ +2

---

ንሕና 1.ኣይዳ 2.ሚካል 3.ዳልያ 4.ሳራ 5.ሩባን ዝተባሃልና፡ ናይ ኣቦና ነፍ/ እስቲፋኖስ ወልደማርያም ተወልደ ወረስቲ ምዃንና ተረጋጊጹልና ኣሎ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ቲራቮሎ፡ ጎደና ደብረሲና፡ዚፕ 1A172 ፓርሰል C፡ ፕሎት 91፡ ስፍሓት መሬት 798.54 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 10 ሓገዝቲ ክፍልታት 7 ዝሓዘ ንብረት ምዝገባ ቁጽሪ 1፡005134/1 ብስም ኣቦና ነፍ/እስቲፋኖስ ወልደማርያም ተወልደ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወረ/ነፍ እስቲፋኖስ ወልደማርያም
1.ኣይዳ እስቲፋኖስ ወልደማርያም
2.ሚካል እስቲፋኖስ ወልደማርያም
ወከል ኣቶ የሴፍ ነጋሽ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ንኡስ ዞባ ገጀረት ከባቢ ማይ ወላኹ ኮድ ዚፕ 1A755፡ጎደና ዕዳጋ፡ ፕሎት 120፡ፓርሰል "POP A"ASD00007976፡ቁ.ገዛ 68 ብሚ/ሪ ማይን መሬትን ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM014212 ብዕለት 07/06/2018 ብስም ወ/ሮ ኣብርሀት መዛን ሃይለ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ G+1 ዝኾነ፡ ንዓይ፡ ብውህብቶ ኣብ ቅድሚ ረጅስትራር ቤት ፍርዲ ቀሪባ ስለዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ ፡፡

ወ/ሮ ሳባ ጺጋይ ኣድሓኖም
ወከል ኣቶ ብርሃነ ሃይለ

---

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነፍ ሃብቶም መለስ መርሃዊ ሃብቶም ሞግዚት ብርኽቲ ሓይራን ብፍ/በ/ዕዳ መለስ 1.ወ/ሮ ወይኒ ኣብረሃ ወከል ህድኣት ኣብረሃ 2.ወረ/ነፍ ሃብቶም መለስ ልዋም ሃብቶም +4 ዝተፈጠረ ናይ ወርሻ ክርክር፡ ዘከራኽር ዘሎ ገዛን ትካል መጥሓን እኽልን ብሓራጅ ክሽየጥ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡ እዚ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ተራእምኒ ዝርከብ ገዛን ትካል መጥሓን እኽልን፡ መበገሲ ዋጋ 1,467,475.00 (ሓደ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚእትን ሱሳን ሽውዓተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን ናቕፋ) ተገሚቱ፡፡ ስለዚ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡1/4 ናይቲ ዝተወሰነ ግምት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንኪ በኪ ወይ ድማ ብስም ፌ/ፍርዲ ሲፒኦ (c.p.o) ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳደርቲ ቅድሚ ዕለተ ጨረታ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፌ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 29/2/2024
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement


| | |
|---|---|
| **Position:** | Cook |
| **Number required** | 01 |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Catering Supervisor |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | • To prepare and cook meals for employees in appropriate quantities to the Company's nutritional standards, ensuring hygiene is paramount. To supervise goods received, issuing recording & stock take of inventory in accordance with the company requirements. Supervision of staff & purchasing to attain a satisfactory & economical level of supply. |
| **Duties & function:** | - Prepare meals in accordance with plan in a hygiene and timely manner, varied nutritionally balanced.<br>- Supervise receivables and check the quality and quantities of received goods.<br>- Ensures proper storage of all items received at the appropriate location, following all health and safety guidelines.<br>- Apply and comply with safe and healthy working practices and company policies and procedures and ensure staff and visitors do so.<br>- Manage food use and prepare weekly stock takes.<br>- Train new employees to the standards and on company health and safety policies and procedures.<br>- With approval of your subordinates, order required stock to ensure enough supplies, utensils, and equipment always.<br>- Inspect all equipment and utensils to ensure cleanliness and functional operation.<br>- Ensure store secured at all times.<br>- Supervise all kitchen, cleaning, and PPE staff to ensure that they perform their jobs productively, efficiently, helpful, and hygienically.<br>- Maintain a clean, tidy, and hygienic work area including rubbish a disposed of separately from the kitchen area.<br>- Perform other assignment by supervisor. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • Minimum Certificate or equivalent<br>• Relevant diploma preferable |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum 5 years' experience as a cook.<br>• Minimum of 3 years supervisory experience in a similar role.<br>• Previous experience working in culturally diverse environment. |
| **Leadership Experience -** | • Knowledge of all kitchen equipment's and their functions.<br>• A team player with good communication skills and manages other employees in the kitchen.<br>• Excellent leadership & organizational skill. |
| **Other skills and abilities** | • Willing to work on shifts within both junior and senior kitchens;<br>• Willing to temporarily rotate work within camp service when emergent situation happens;<br>• Fit to work in the kitchen based on physical medical check required by the company;<br>• Take initiative to lead assistant cooks and work with senior cooks;<br>• Excellent food handling and preparation skills;<br>• Knowledge and application of nutritional food preparation<br>• Written and verbal communication skills;<br>• Patient with an ability to stay positive under pressure; |

**Salary: According to Company's salary scale.**

**Additional Requirement for nationals**:
Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence and support letter from reserve Army. Present clearance paper from current/last employer. Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.). Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for interview. Application documents will not be returned to sender.

- Address: Please mail your application: Zara Mining Share Company, P.O. Box 2393 Asmara
- To Eritrean applicants: Please send a copy of your application to: Aliens Employment Permits Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

Deadline for applicants: 05 days from the day of announcement 06/12/2023.



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቬሪ፡ ንምዕባለ ሊግ ስዑዲ ዓረብ የድንቕ

ኢጣልያዊ ናይ ቀድም ህቡብ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ክሪስቲያን ቬሪ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝመጽእ ሓሙሽተ ወይ 10 ዓመታት፡ ዝዓበየ ሊግ ዓለም ክኸውን ከምዝኽእል እምነቱ ገሊጹ።

ሊግ ስዑዲ ዓረብ ኣብ መወዳእታ ወርሒ 2022 ንድንቂ ተጻዋታይ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ድሕሪ ምፍራሙ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ብዙሓት ብሉጻት ተጻወትቲ ካብ ኤውሮጳ ከምዝዕዘ ክኢሉ እዩ፡ በዝዞም ኒይማር፡ ካንተ፡ ነሽሱ፡ መንዴ፡ ማኔ ኩሊባሊ፡ ሚትሮቪች፡ ፊርሚኖ፡ ሳቪችን ብሮዞቪችን ገለ ካብቶም ናብ ዝተፈላለየ ክለባት እቲ ሊግ ዝተጸምበሩ ህቡባት ተጻወትቲ እዮም።

ቬሪ ቅድሚ'ቲ ሰሉይ ምሸት ዝተኻየደ ናይ ፍጻመ ግጥም ሱፐር ኮፓ ኢጣልያ፡ ብዛዕባዚ ሊግ ሓሳብ ክህብ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ንኽየዐቢ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ ምኻኑ እዩ ገሊጹ። "ሊግ ስዑዲ ዓረብ፡ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ 10 ዓመታት ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ናይ ዓለም እቲ ዝዓበየ ሊግ ክኸውን ዝኽእል ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ገንዘብን ውዳበን ኣለዎ። መንግስቲ ከኣ ሓያሽቲ ስታድዮማትን ናይ መለማመዲ መሳለጥያታትን ክሃንጽ ጀሚሩ ኣሎ።" ይብል - ኣብ 1999 ካብ ላዚዮ ናብ ኢንተር ሚላን ብ43 ሚልዮን ዩሮ ድሕሪ ምስግጋር ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ክኸውን በቒዑ ዝበረ - ቬሪ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ድሮ ኩዕሶ እግሪ ካብ ዝረኣየም ዝበለጹ ተጻወትቲ፡ ሓደ ዝኾነ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ኣምጺኦም ኣለዉ። ንሱ 38 ዓመት ገይሩ ኣሎ፣ ዝሓለፈ ዓመት ኮኣ 54 ሽቶታት ኣመዝጊቡ፣ ድንቂ እዩ። ፈጺሙ ኣየመኽንይን እዩ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግጥም ይጻወት። ኣካላቱ ብዝግባእ መጊዲ ይከናኸን። ስለዚ፡ እዚ ሊግ ንኽዐቢ ልዕሊ ሮናልዶ ዝሓሸ ተጻዋታይ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ከም ዝመስለኒ፡ ኣብ መጻኢ እዚ ሊግ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ።" ኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ቀድም ኣጥቃዓይ ክለብ ጁቬንቱስ ኣለክሳንድሮ ደል ፒሮ እውን ብቐልጢፍ ምዕባለ ናይ'ዚ ሊግ ከምዝተመስጠ ገሊጹ እዩ። ደል ፒሮ፡ "ዓቢ ለውጢ እዩ ዘሎ፣ ኣብ ኩሉ መዳይ ዘርርም ምምሕያሽ ኣሎ። ዝሓለፈት ዓመት፡ ናብዚ ሊግ ዝተሰጋገሩ ተጻወትቲ ብመዳይ ብዘሊን ብቐዓትን ዓቢን ዘይእመንን እዩ ነይሩ። ኣብ ናተይ ናይ ጸወታ ግዜ፡ ሰሪ'ኡ ማእከል ስሕበት ዓለም ነይሩ። ዝበለጸ ተጻዋታይ ናብኡ ይመጽእ ነይሩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ገለ ዓመታት ግን፡ ኩሉ ተቐይሩ። ኣብዚ እዋን ዶባት ክፉት እዩ፣ እዚ ኸኣ ንኩዕሶ እግሪ ጸቡቕ'ዩ።" ክብል፡ ንዕበየት እዚ ሊግ ገሊጹ።

ንኢንተር ሚላንን ናፖሊን ዘራኸበ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሱፐር ኮፓ ኢጣልያ፡ ኣብ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብ እዩ ተኻይዱ። ኢንተር ከኣ ማርቲኒዝ ኣብ መበል 91 ደቒቕ ብዘመዝገቦ ሸቶ ንሻሙናይ ግዜኣ ነታ ጽዋእ ኣልዒላታ። እዚ ውድድር፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ 2018 ኣብዚ ዓረባዊ ሃገር ከካየድ እንከሎ፡ ኣብ 2019ን 2022 እውን ተሰላሲሉ ነይሩ። ስለዚ ሎሚ ዓመት፡ እዛ ሃገር ንራብዓይ ግዜኣ እያ ነዚ ውድድር ተኣንጊዳ ዘላ።

እዛ ብገንዘባዊ ሰድራቤት እትመራሕ ሃገር፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ብኢትዝበሮ ዘላ ወፍሪ ኣቓልቦ ህቡባት ተጻወትቲን ኣሰልጠንቲን ስሒባ ትርከብ። ከም እዚ ኸኣ ዓበይቲ ናይ ፍጻመ ጸወታታት ከም ሱፐር ኮፓ እስጳኛን ሱፐር ኮፓ ኢጣልያን ብምእንጋድ፡ ሓያል መስሕብ ክትከውን ክኢላ ኣላ። ብዘይካ'ዚ፡ ስሙያት ስፖርታውያን ዝሳተፍዎ ከም ቅድድም መኪና፡ ተኒስ፡ ጎልፍ፡ ቦክስን ካልኦትን ብምእንጋድ፡ ሰታፊእ ኣብ ምሕያል ትርከብ።



## ድሮግባ፡ ብስዕረት ኣይቮሪኮስት ይቕጣዕ

### ደገፍቲ ኣይቮሪኮስትን ጋናን፡ ንተጻወትቶም ኣጥቂዖም

ናይ ቀድም ሓለቓ ጋንታ ኣይቮሪኮስት ዲዲየር ድሮግባ፡ ብጠፋሕ ስዕረት እዛ ሃገራዊት ጋንታ ከምዝተቖጥዐ ገሊጹ።

ንዋንጫ ኣፍሪቃ 2023 ኣብ ሃገራ እተኣንግድ ዘላ ኣይቮሪኮስት፡ ሰሉይ ምሸት ኣብ ሳልሳይቲን ናይ መወዳእታን ናይ ምድብ ጸወታኣ፡ ብኤኳቶሪያል ጊኒ ብጠፋሕ 4ብ0 ብምስዓራ፡ ንገደፍታን ተዓዘብቲን ኣሰንቢዳ እያ። እዛ 'ሓራምዝ' ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ጋንታ፡ ኣብ'ዚ ግጥም'ዚ ኣብ መስመር ምክልኻልን መጥቃዕቲን ጉድለት ከምዝነበራ ይግለጽ። በዚ ከኣ ኣቐዲማ ብናይጀሪያ ተሳዒራ ብምንባራ፡ ካልኣይ ተኸታታሊ ስዕረት ክትገጥም ተቐሲባ ኣላ።

በዚ ወጽኢት ዘይተሓጎሰ ድሮግባ፡ እዛ ጋንታ ኣብ ኩሉ ሸነኽ ዝነበራ ድኽመት ግቡእ ስጉምቲ ክትወስደሉ ከምዝለዋን ኑብስ መርመራ ከምዝድልያን ኣረዲኡ። "ክንጽዕ ቃኑዕ ሕቶ ምሕታትን ቃኑዕ ውሳነ ምሕላፍን ናብ ስራሕ ኢና ክንምለስ ዘለና። ምኽንያቱ ሎሚ ኣይቮሪኮስት ኣብ ውድድር ዝኸውን ውዳበ ኣይነበራን። ብኣጋኡ እያ ተገሊፋ። ብርግጽ ርኡይ ጸገም ኣሎ።" ኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ነቲ ኩነታት "ኣባህራሪ ሕልሚ" ክብል እዩ ገሊጽዎ። ናብዛ ጸወታ ብዝግባእ ተዳልዮም ከምዝኣተወ ዝሓበረ እዚ ጂያንሉዊስ ጋስት ዝስሙ ዓሌሚ፡ "ዋላ'ኳ ሰፊሕ ሚዛን ጸወታ ሒዝና እንተነበርናን ዕድላት እንተፈጠርናን ኣብ ኩዕሶ እግሪ ግን ወጽኢታዊ ክትከውን እዩ ዘለካ። ኢኳቶሪል ጊኒ ከኣ ኣብ ክወዓኑት ትምህርቲ ሂባሙና ኣለዉ።" ኢሉ። ሽሕ'ኳ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ክሓልፉ ተስፋ ከምዘለዎም እንተገለጹ ወጽኢት ካልኦት ምጽባይ ድማ ጸቡቕ ከምዝይኸውን የረድኡ።

ኣብ ምድብ ሓደ እትርከብ እዛ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ፡ ብሰለስተ ነጥቢ ሳልሰይቲ ተሰሪዓ ኣላ። ቅዲሚኣ ዘለዋ ኤኳቶሪያል ጊኒን ናይጀሪያን ብቐጥታ ናብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ከምዝሰገራ ዘረጋገጻ እየን። ንሳ ግን፡ ካብቲን ኣብ ሽዱሽተኡ ምድባት ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዛ ዝሓሸ ነጥቢ ዘዋህለላን ኣርባዕተ ጋንታታት ንምኻን ኣብ ተስፋ እያ እትርከብ። እዘን ሳልሳይ ኮይነን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ጋንታታት፡ ንጠዝሒ እተን ናብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ዝሰገራ 16 ዘበጽሓ እየን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ነዛ ዋንጫ ኣብ ሃገርም ከተርፍዋ ትጸበ'ት ዝነበርም ደገፍቲ ኣይቮሪኮስት፡ ድሕሪ'ዛ ጸወታ፡ ንጸጥታ ኣሰጋኢ ዝኾነ ተግባራት ምፍጻሞም ተቓሊሑ። በዚ ከኣ ክልተኣን ጋንታታት ድሕሪ ጸወታ



ቀልጢፈን ካብቲ ስታድዮም ከይወጽኣ ከም ዝተኸልከላ ተሓቢሩ።

ምስዚ ብዝተኣሳሰር ዜና፡ ጋና ኣብታ ምሸት ኣንጻር ሞዛምቢክ 2ብ2 ክትፈላለ ዘይተዋሕጠሎም ደገፍታ፡ ተጻወትቲ ሒዛ ንዝነበረት ኣውቶቢስ ኣጥቂዖም። ገለ ዝሓረቑ ደገፍቲ፡ ንኣውቶቢስ ናይታ ጋንታ ብምዕጋት፡ ንኣሰልጣኒ ክሪስ ሁቶንን ተጻወትቲን ከዘራርብዎም ምጥላቦም፡ ምንጩታት ሓቢርም። ብኬፕ ቨርደ 2ብ1 ዝተሳዕረትን ምስ ግብጺ 2ብ2 ዝተፈላለየትን ጋና፡ ክልተ ነጥቢ ሒዛ - ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ብምኻኑ፡ ከም ኣይቮሪኮስት ጸልሙት ዕድላ ኣብ ምጽባይ ትርከብ።

ብመንጽር እዚ ኹሉ፡ ኣይቮሪኮስትን ጋናን (ምናልባት ካልኦት ዓበይቲ ጋንታታት'ውን) ብኣጋኡ እንተተገለፈ፡ ነተን ተጻወትተን ናብዘን ጋንታታት ክሰዳ ዝተቐሰበ ኤውሮጳውያን ጋንታታት ጸቡቕ ዜና ክኸውን እዩ። ንኣብነት ጋና፡ ብኣጋኡ እንተተገሊፋ፡ ቅዱስ ናብ ዌስትሃም፡ ጆርዳን ኣየው - ክሪስታል ፓላስ፡ ኢናኪ ዊልያማስ - ኣትለቲክ በልባኡ፡ ናይ ኣይቮሪኮስት ከኣ ሃለር - ዶርትመንድ፡ ኢቫን ንዲካ - ሮማ፡ ሰርጅ ኣውሪር ናብ ኖቲንግሃም - ብኣጋኡ ክምለሱ እዮም።

## እንታይከ ኣሎ ሓዲሽ?

* ተኸላኻሊ ሪያል ማድሪድ ኢደር ሚሊታው፡ ብቐልጢፍ ናብ ጸወታ ክምለስ ይሰርሕ ምህላዉ ተቓሊሑ።



እዚ ኣብ መኽፈቲ ጸወታ እዛ ወቕቲ-ስፖርት መጉዳእቲ ዝበጠሶ ብራዚላዊ፡ ዋላ'ኳ ዶክትር እዛ ክለብ ሂዲኡ ክሰርሕ ይፍትቱ እንተዛለዉ፡ ንሱ ግን፡ ብዝተኻእለ ቀልጢፉ ንምምላስ ከየቋረጸ ይሰርሕ ኣሎ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ምስ ደቂ ጋንታኡ ክለማመድ ከምዝኽእል ዝገለጸ ሚሊታው፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት ድሉው ክህልው ተኽእሎ ኣሎ - ብመሰረት ጋዜጣ ማርካ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ብሉጽ ተኸላኻሊ፡ ነዛ ዓመተ-ስፖርት ከምዝሰርሕ እዩ ተገሊጹ ነይሩ - ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ጀጋመይቲ እግሩ መጉዳእቲ ምስ ኣጋጠሞ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚሊታው፡ ክሳብ ሰነ 2028 ዘጽንሖ ሓዲሽ ውዕል ትማሊ ፈሪሙ። መልቀቒ ዋጋኡ ከኣ ሓደ ሚልዮን ዩሮ ምኻኑ ማድሪድ ኣፍሊጣ ኣላ።

* ፈረንሳዊት ክለብ ማርሰይ ሕጂ'ውን ንናይ ጺጋም ተኸላኻሊ ኣርሰናል - ኑኖ ታቫረስ ኣብዛ ወርሒ ብቐዋሚ ከተፈርሞ ትሰርሕ ኣላ። ኣርሰናል እውን እዚ ተጻዋታይ ብቐዋሚ ክትሸጦ ማዕጾኣ ኣርሒያ ትርከብ።

ይኹን እምበር፡ እዚ ስምምዕ ኣብታ ብልቓሕ ዝጻወተላ ዘሎ ኖቲንግሃም ዝምርኮሶ ብምኻኑ፡ ንማርሴ ክኸብዳ እዩ። ኖቲንግሃም፡ ነዚ ተኸላኻሊ ክሳብ ወርሒ ሰነ ክትጥቀመሉ ምኻና እያ ኣፍሊጣ።

## ቸልሲ፡ ኣብ መጉዳእቲ ንዘለዉ ተጻወትቲ ዝያዳ ገንዘብ ከፊላ

ኣብ ከተማ ለንደን ዝመደበራ ክለብ ቸልሲ፡ ኣብዚ ወቕቲ-ስፖርት ዛጊት ኣስታት 28 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ መጉዳእቲ ንዘርከቡ ተጻወትቲ ብምኽፋላ፡ ልዕሊ ኩለን ክለባት ፕሪመር ሊግ ተሰሪዓ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ዓመተ-ስፖርት ንሪስ ጀምስ፡ ወስሊይ ፎፋና፡ ሮመዮ ላቪያን ክሪስቶፈር ንኩንኩን ብበዝሒ ነዊሕ ናይ መጉዳእቲ ግዜ፡ ብዝግባእ ክትጥቀመሎም ኣይከኣለትን ዘላ። ብሓፈሻ ካብ ቀዳመይቲ ጋንታኣ ንልዕሊ 16 ተጻወትቲ ብድምር ን1413 መዓልታት ክትጥቀመሎም ኣይከኣለትን - ብመሰረት ጸብጻብ ኢኤልቢጂ ዝተባህለ ናይ ዳታ ትካል። በዚ ከኣ ነዞም ተጻወትቲ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ እንከለዉ 27,690,714.29 ፓውንድ ኣውጺኣትሎም። ዛጊት ድማ ልዕሊ ዝኾነት ክለብ ፕሪመር ሊግ ኣብ መጉዳእቲ ንዘርከቡ ተጻወትቲ ዝተኸፍለ ገንዘብ እዩ።

ድሕሪ ቸልሲ፡ ማን ዩናይትድ፡ ን17 ዝተጎድኡ ተጻወትቲ ን1082 መዓልታት ክትክስርዎም እንከላ፡ ኣስታት 20 ሚልዮን ፓውንድ ብምውጻእ ትስዕብ። ማን ሲቲ፡ ብድምር ን357 መዓልታት ክዛይተጠቐመትሎም ትሽዓተ ተጻወትቲ



ልዕሊ 15 ሚልዮን ፓውንድ ብምውጻእ ክትስዕቦን እንከላ፡ ን1060 መዓልታት ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝሕለፉ 19 ተጻወትቲ - 11 ሚልዮን ፓውንድ ዝኸፈለት ቶተንሃም ድማ ራብዐይቲ ተሰሪዓ ኣላ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ማውሪሽዮ ፖቸቲኖ፡ ጀምስ ንኩንኩን ላቪያን ብቐልጢፍ ናብ መሰርዖም ክምለሱ ተስፋ ገይሩ ይርከብ። እዛ ጋንታ፡ ንዓመታ ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድር ህላወኣ ንምውሓስ ኣብ እትቃለሰሉ ዘላ እዋን፡ ምልሶት እዞም ተጻወትቲ ከምዝሐድሳ ይግለጽ። ቸልሲ፡ ካብቲ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘእቱ ናይ ላዕለዎት ኣርባዕተ ደረጃ፡ ብ12 ነጥቢ ድሒራ ታሽዐይቲ ተሰሪዓ ትርከብ።

## ኡዲነዘ ተቐጺዓ

ኢጣልያዊት ክለብ ኡዲነዘ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ደገፍታ ናብ ሓላዊ ልዳት ኤሲ ሚላን ማይክ ማኘናን ዝቐንዐ ዓሌታዊ ኣድልዎ ምውራዶም፡ ንሓደ ጸወታ ደገፍታ ኣብ ዘይብሉ ክትጻወት፡ ብሰሪ'ኣ ተበይኑላ።



ብሰሪ ሕብሪ ቆርበቱ ዓሌታዊ ኣድልዎ ዝወረዶ ማግናን

ኣብዚ ብዓወት ኤሲ ሚላን 3ብ2 ዝተዛዘመ ናይ ቀዳም ግጥም፡ ማኘናን ዓሌታዊ ኣድልዎ ይኣየደሉ ከምዝሎ ንዳኛ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ጸወታ ን10 ደቓይቕ ደው ክብል ተቐሲቡ ነይሩ። እዚ ኣድልዎ፡ ሰሪ'ኣ ክኹንኖ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ፊፋ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ከኣ፡ እዚ ፍጻመ "ፍንፉን" ክብል ገሊጽዎ። ብዘይካ'ዚ፡ ደገፍተን ዓሌታዊ ኣድልዎ ንዘፈጸሙ ጋንታታት ብቐጥታ ብፎርፈ ዝሰዓራሉ ሕጊ ብቐልጢፉ ከተኣታትዉ እውን ጸዊዑ።

ኣብቶም ምዕቡላት ኢና ዝብሉን ዝዓበየ መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ዘለዎምን ኤውሮጳውያን፡ ዓሌታዊ ግህሰት ጌና ከምዝቖብቆብ እዩ ዝገለጽ። ኣብዚ ፍቱው ዓውዲ ኩዕሶ እግሪ ከኣ፡ ጸለምቲ ተጻወትቲ ሰሪ ሕብሪ ቆርበቶም ብሓለንጊ ዓሌታውነት ካብ ምግራፍ ኣየዕረፉን ዘለዉ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ንተቓዳደምቲ ብሽክለታ ኣተባቢዑ

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ቅድድም ብሽክለታ ብሉጽ ወጽኢት ዘመዝገቡ ዘለዉ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ፡ ከም ዘተባብዖ ህዝባዊ ርክብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

እዚ ዝተገልጸ ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት 2024 ከምኡ'ውን ብምኽንያት ናይቲ ኤርትራ ብመንገዲ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉብርሃን ዘመዝገቦ ናይ 2023 ክብሪ ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ንምጽምባል ኣብ ዝተኻየደ ናይ ድራር ዕድመ እዩ።

ኣብቲ ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣሰልጠንቲን ፕሮፈሽናል ተቐዳደምቲን ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ኣምባሳደር ዘመደ



ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ዓመት 2023 ብደረጃ ሃገራዊት ጋንታ ይኹን ኣብ ዝወዳደሩለን ክለባት ዘመዝገብዎ ወጽኢታት መርኣያ ልዑል ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ዘርኢ ምዃኑ ገሊጹ። እቲ ክምዝገብ ዝጸንሐ ብሉጽ ወጽኢታት ኣብዚ ኣቲናዮ ዘሎና ዓመት'ውን ቀጻልነቱ ክረጋገጽ ጻዕሪ ተቐዳደምቲን ኣብቲ ዓውዲ ዝዋስኡ ኩሎም ኣካላትን ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ንዝቐረበ ስራሕ ድርኺት ንምሃብ ኩሉ መዳያዊ ሓገዝን ምትብባዕን ኮሚሽን ከም ዘይፍለ ሓቢሩ።

ተቐዳደምቲ ብወገኖም ንዝተገበረሎም ምትብባዕ ድሕሪ ምምስጋን፡ ኣብዚ ደሮ ጀሚሩ ዘሎ ዓመት ስፖርት ህዝብን መንግስትን ዘሐጎሰ ሓለፍቲ ንምትግባር ሓያል ጻዕሪ ከም ዘካይዱ ቃል ኣትዮም።

ሎሚ ዓመት ምስ ካዛኪስታናዊት ክለብ ኣስታና ተጸንቢሩ ዘሎ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉብርሃን፡ ኣብ ዓመት 2023 ኣብ ዘካየዶም ውድድራት ብዘርኣዮ ብቕዓትን ዘመዝገቦ ብሉጽ ወጽኢትን ሽልማት ብሉጽ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ 2023 ምዕታሩ ዝዝከር'ዩ። ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ብዓለም-ለኻዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ - ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ቀዳመይቲ፡ ካብ ዓለም ከኣ ኣብ መበል 22 ደረጃ ከም ዝተሰርዐት ይፍለጥ።

## መስበርቲ ሳላሕ ዘበኣሰ ኮይኑ

እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል፡ ብሉጽ ተጻዋታያ ግብጻዊ መሓመድ ሳላሕ ኣብ እግሩ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ዝኸበደ ምዃኑ ኣፍሊጡ። ይኹን'ምበር ሓኪይም ሊቨርፑል፡ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ክሳብ ፍርቂ ፍጻመ እንተደኣ በጺሓ እቲ ተጻዋታይ ከርክብ ከም ዝኽእል ዘለዎም ተስፋ ገሊጾም ኣለዉ። ሓደ ካብ ብሉጻት ኣጥቃዕቲ ዓለም ምዃኑ ዘእመነ መሓመድ ሳላሕ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኣብ ትገጥመሉ ዝበረት እዋን'ዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ፡ ሳላሕ ዘይተሰለፈሉ ናይ ሰኑይ ምሸት ጸወታ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኬፕ ቨርደ ብዝገርም ወጽኢት 2-ብ2 ድሕሪ ምፍልላያ ናብ ጽቕጽል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ክትሰግር ከም ዝኸኣለት ይፍለጥ። መራሒት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘላ ሊቨርፑል፡ እቲ ተጻዋታይ ሎሚ ረቡዕ ናብ ኣንፊልድ ከም ዝምለስን ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ከም ዝግበረሉን ኣፍሊጣ ኣላ። ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርገን ክሎፕ፡ እቲ ተጻዋታይ መጉዳእቲ ምስ ኣጋጠሞ - ብቕልጡፍ ናብ ከተማ ሊቨርፑል ክምለስ ምጽዋዑ ኣይርሳዕን። ክሎፕ፡ እቲ ተጻዋታይ ካብ መጉዳእቱ ኣብ ሓወየሉ ዕለት - ናብ ኣይቮሪኮስት ከም ዝምለስ'ዩ ቃል ኣትዩ ዘሎ። ይኹን'ምበር፡ ወኪል መሓመድ ሳላሕ ዝኾነ ራሚ ዓባስ ዒሳ፡ እቲ ተጻዋታይ ናብ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ዝምለሰሉ ዕድል ክህሉ ከም ዘይክእል'ዩ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ዝገለጸ ዘሎ። እቲ ወኪል ኣብ ናይ ውልቁ ናይ ትዊተር ገጽ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ሳላሕ ኣጋጢምዎ ዘሎ መጉዳእቲ ቀሊል ኣይኮነን። ካብ 21 ክሳብ 28 መዓልታት ካብ ጸወታ ከም ዝርሕቕ ርግጸኛ'የ" ኢሉ ኣሎ። ብመሰረት ወኪል ሳላሕ ዝሀቦ ዘሎ መግለጺ፡ እቲ ተጻዋታይ ክሳብ 8 ሰሙናት ኣብ ጸወታ ኣይክህሉን'ዩ ማለት እዩ። ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ኣፍሪቃ ከኣ 11 ሰሙናት እዩ ክካየድ። ሳላሕ ኣብ ዝሓለፉ ሸዱሽተ ዓመታት ብኸምዚ ኣጋጠምዎ ዘሎ ተመሳሳሊ መጉዳእቲ ካብ 10 ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታታት ከም ዝኾረ ሰንዳት የረድኣ። ሸውዓተ ግዜ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዓቲራ ዘላ ግብጺ፡ ንመወዳእታ ግዜ ኣብ 2010 እያ ነዛ ጸዋእ ረኺባታ - ሳላሕ ኣባል እዛ ሃገራዊት ጋንታ ቅድሚ ምዃኑ ቅድሚ ሓደ ዓመት ማለት'ዩ። ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ምስ ሳላሕ ኮይና ኣብ 2017 ከምኡ'ውን ኣብ 2021 ካልኣይ ተርታ ሒዛ ምንባራ ኣይርሳዕን። ሳላሕ ኣብ



ሓደ ኣጋጣሚ ብዛዕባ እዚ ውድድር ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኩሉ ዓወታት በጺሐዮ እየ። እዛ ዋንጫ ግን ክሳብ ሕጂ ኣብያትኒ ኣላ። ከይወሰድኩዋ ድማ ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣይእለን'የ" ክብል ክሳብ ክንደይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ክዕትር ባህጊ ከም ዘለዎ ተዛሪቡ ነይሩ። መሓመድ ሳላሕ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ ግብጺ ብመንገዲ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ሹቶ ብምምዝጋብ ምስ ሃገራዊት ሞዛምቢክ 2-ብ2 ክፈላለዩ ከም ዝሓገዘ ይፍለጥ።

## ዩናይትድ ተጻወትታ ናብ ዕዳጋ ተውርዩ

ኣብ መሳርዕ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ካብ 21 ጸወታታት 32 ነጥብን 5 ጎል ዕዳን ዘለዋ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ሰዑዳውያን ክለባት ንጃዶን ሳንቾን ኣንቶኒን ክዕድግኦም ሕቶ ኣቕሪቡ። እዞም ክልተ ናይ ክንፊ ተጻወትቲ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክመጹኡ ብድምር 155 ሚልዮን ፓውንድ'ኳ እንተወድኡ፡ ማልያ ዩናይትድ ወደዮም ግን መሳጢ ብቕዓት ከንጸብርቑ ከም ዘይከኣሉ'ዩ ዝንገረሎም። እዞም ክልተ ተጻወትቲ ብድምር 148 ግዜ ንማንቸስተር ዩናይትድ ወኪሎም ኣብ ዝተጻወቱሉ፡ 20 ሹቶታት ጥራይ እዮም ከመዝገቡ ክኢሎም። ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ክሳብ ዝሰለወ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ብሩሽያ ዶርቱሞንድ ከይዱ ዘሎ ሳንቾ፡ ናብታ ጋንታ ክምለስ ከም ዘይክእል'የም ብዙሓት ወገናት ዝኣምኑ። ብራዚላዊ ተጻዋታይ እታ ጋንታ ኣንቶኒ



እውን ኣብዚ ወቕቲ ክሳብ ሕጂ ሓንቲ ሹቶ'ውን ትኹን ከመዝግብ ብዘይምኽኣሉ ዓቕሊ ዩናይትድ ኣብ ምጽንቃቕ እዩ ዝርከብ ዘሎ። በዚ'ዩ ከኣ ዳይረክተር ስፖርት እታ ጋንታ ጆን መርቶፍ ምስ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ሰዑዳውያን ክለባት ብምርኻብ ካብዞም ተጻወትቲ መኽሰብ ዝርከበሉ ኩነታት ዘናዲ ዘሎ። ዩናይትድ ካብዞም ክልተ ተጻወትቲ 100 ሚልዮን ፓውንድ ክትረክብ ሓሊና ከም ዘላ እዮም ምስታ ጋንታ ቀረብቲ ዘለዎም ወገናት ዝዛረቡ። ዝሓለፈ ክረምቲ ብእንግሊዛዊ ስቴቨን ጀራርድ እትእለ ሰዑዳዊት ክለብ ኣል ኢትፋቅ ንሳንቾ ብመልክዕ ልቓሕ ንምፍራም ተበግሶ ወሲዳ'ኳ እንተነበረት፡ እቲ ውዕል ኣብ ቀጻሊ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ብቐዋሚ ንምዕዳጉ ዘገድድ ቅድመ ኩነት ሒዙ ብምህላዉ ግን ኢዳ ከም ዝሰሓበት ይዝከር። ወዲ 23 ዓመት ሳንቾ ኣብዚ እዋን ምስ ዶርቱሞንድ ኮይኑ ጸቡቕ ጸወታ ብምንጽብራቕ ዋግኡ ሰማይ ክሰቕሎ ከም ዝኽእል ግምት ዘለዎም፡ ዩናይትድ ድማ ክትህወኽ ከም ዘይብላ ርእይቶ ዝሀቡ ኣለዉ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካልኦት ክልተ ተጻወትቲ ዩናይትድ ማለት ካስሚሮን ራፋኤል ቫራንን ካብ ሰዑዳውያን ጋንታታት ጸዋዒት ይረኽቡ ከም ዘለዉ ይግለጽ ኣሎ። እዞም ክልተ ተጻወትቲ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ዘለዎም ግዜ ከም ዘብቀዐ'የም እሙናት ምንጭታት ከተማ ማንቸስተር ዘረድኡ። ቫራን ምስ ዩናይትድ ዘለዎ ውዕል ኣብ ምውዳእ ናይዚ ወቕቲ'ዩ ክዛዘም። ይኹን'ምበር እቲ ተጻዋታይ ንተወሳኺ ሓደ ዓመት ምስታ ጋንታ ክጸንሕ ከም ዝኽእል ይሕበር'ዩ። እንተ ናይ ካስሚሮ ጉዳይ ግን መዕለቢ ዝረኸበ'ዩ ዝመስል። ዩናይትድ ተሪፉ ዝዘሎ ናይዚ ተጻዋታይ ኩንትራት ብኽሳራ ሸፊና ክትሸጦ ምዃና'የም ኣብ ዕድጊ ተጻወትቲ ኤውሮጳ መጽናዕቲ ዘካይዱ ወገናት ዘረድኡ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

• ብሉጽ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ሲቲ ኤርሊን ሃላንድ ካብ ማስበርቱ ሓውዩ፡ ጋንታኡ 31 ጥሪ ምስ በርንሊ ኣብ ትገብሮ ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥም ክሰለፍ ከም ዝኽእል ይንገር ኣሎ። እዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ፡ ንመዘዞሚ ግጥም ዋንጫ ክለባት ዓለም



ወሲኽኩ ኣብ ትሸዓተ ጸወታታት ማንቸስተር ሲቲ ከም ዘይነበረ ይፍለጥ። ብማሰረት ዘ ታይምስ ዝርገሐቶ ሓበሬታ፡ እቲ ተጻዋታይ ምስ ጋንትኡ ኮይኑ ኣብ ኣቡዳቢ ምሉእ ልምምድ ገይሩ ዝኾነ ቃንዛ ከም ዘይተሰመዖ ተረጋጊጹ ኣሎ። ሓኪይም ሲቲ፡ ጓርድዮላ ዓርቢ ኣብ ግጥም ራብዓይ ዙርያ ኤፍ ኤ ካፕ ኣንጻር ቶተንሃም ነዚ ተጻዋታይ ከይጥቀመሉ ኣጠንቂቕሞ ኣለዉ።

• ኣርሰናል ንክረም በዝሖግ ንምፍራም ዝተዋህበ ዕድል ዕሸሽ ብምባል ተኸላኻላይ ናብ መሳርዓ ክትጸንበር ከም ዘወሰነት ይግለጽ ኣሎ። ምስ ሰዑዳዊት ክለብ ኣል ኢቲፋቅ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ዝተጻወተ በዝሖግ፡ ኣብዚ ወርሒ ካብ ዝተፈላለያ ክለባት ኤውሮጳ ጸዋዒት ክቐርበሉ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ። ኣርሰናል ንምፍራሙ ዝያዳ ዕድል'ኳ እንተነበራ፡ ነቲ ተጻዋታይ ግን ሕቶኣ ሂባቶ ኣላ።

• ዌስትሃም ንወዲ 28 ዓመት ኣካፋሊ ማንቸስተር ሲቲ ካልቪን ፊሊፕስ ብመልክዕ ልቓሕ ንምፍራም ከም ዝተቓረበት ተገሊጹ። ይኹን'ምበር ጁቬንቱስ ነቲ ማሳርሕ ብስደኒ ኣትያ ከተዓናቕፎ ከም ትኽእል ገለ ወገናት ይዛረቡ።

• ኣጥቃዓይ ኢያስ ብራይን ብርግዕ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒኡ ኤሪክ ተን ሃግ ክራኸብ ዘሎ ተኽእሎ እናሰዓለ ይመጽእ ከም ዘሎ ተሓቢሩ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ብተን ሃግ ተፈታዊ ምንባሩ'ዩ ዝሕበር። ማንቸስተር ዩናይትድ ብዘወሃኸ ንዋን ቢሶካ ብደዝሓል ዱምፍሪያስ ንምልዋጥ ብኢንተር ሚላን ቀሪቡ ዝሎ ሓሳብ ከም ዝጸገቶ ተፈሊጡ።

• ቸልሲ ኣብዚ ናይ ወርሒ ጥሪ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ንእንግሊዛዊ ተኸላኻሊያ ለቪ ኮልዊል ናይ ምሻጥ መደብ ከም ዘይብላ ኣፍሊጣ። እዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ ካብ መራሒት ፕሪመር ሊግ ሊቨርፑል ጸዋዒት ክቐርበሉ ከም ዝጸንሐ ይዝከር።

• ኒውካስል ንወዲ 33 ዓመት ተኸላኻሊያ ኪራን ትሪፒር፡ 12 ሚልዮን ካብ ባየር ሙኒክ ክትረኽበሉ ከም ትኽእል ተሓቢሩ።

• ፈረንሳዊት ክለብ ኒስ ንወዲ 24 ዓመት ተኸላኻሊያ ጂን ክሌየር ቶዲቦ ከም ዘይትሸጦ ኣፍሊጣ። እዚ ተጻዋታይ ካብ ቸልስን ማንቸስተር ዩናይትድን ተደጋጋሚ ጸዋዒት ክቐርበሉ ጸኒሑ'ዩ።

### መደብ ጸወታ

ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ካራብኦ ካፕ
ሰዓት 11:00 ምሸት
ፉልሃም ምስ ሊቨርፑል (Agg 1-2)
ዋንጫ ኣፍሪቃ
ሰዓት 8:00 ምሸት
ናሚብያ ምስ ማሊ
ደቡብ ኣፍሪቃ ምስ ቱኒዝያ
ሰዓት 11:00 ምሸት
ታንዛንያ ምስ ዲ.ሪ.ኮንጎ
ዛምብያ ምስ ሞሮኮ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣብ ኢንዶነዥያ እሳተ-ጎመራ ነቲጉ

ኣብ ደሴት ጃቫ-ኢንዶነዥያ ዝርከብ እሳተ-ጎመራ 'ኀቦ ማራፒ፡ ክነቱግ ከምዝጀመረ ተሓቢሩ፡፡

በቲ ዝነቱግ ዘሎ እሳተ-ጎመራ፡ ኣስታት 2 ኪሎሜተር ቁመት ዘለዎ ርሱን ትኪን ሓሙኽሽትን ናብ ሰማይ ከም ዝዓረገ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም፡፡

ብሰንኪ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ባርያዊ ሓደጋ ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት፡ ካብ ኣባይቶም ክግዕዙ ከምዝተገብረ፡ ሰብመዚ ምክትታል ባርያዊ ሓደጋ ኢንዶነዥያ ሓቢሮም፡፡

ዛጊት ኣብ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየለ ዝሓበሩ እቶም ሰብመዚ፡ በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ትኪ፡ ብዙሓት ዓድታት ምሉእ ብምሉእ ብትኪ ተሸፊነን ከምዝርከባ ኣፍሊጦም፡፡



እሳተ-ጎመራ፡ 'ኀቦ ማራፒ፡ ኣብ ኢንዶነዥያ ካብ ዝርከቡ 120 ንጡፋት እሳተ-ጎመራ፡ እቲ ዝያዳ ንጡፍን ሓደገኛን ምዃኑ'ዩ ዝንገረሉ፡፡

እቲ ብርቱዕ ትኪን ሓሙኽሽትን ኣብ ሰብ ከውርዶ ዝኽእል ሓደጋ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ካብቲ እሳተ-ጎመራ ብውሕዱ 7 ኪ.ሜ ክርሕቁ እቶም ሰብመዚ ተማሕጺኖም፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ እሳተ-ጎመራ ኣብቲ ዝትንጐሉ ከባቢ፡ ሱናሚ ክፍስዕብ ዜጋታት ጥንቃቐታት ክገብሩ'ዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡

እሳተ-ጎመራ 'ኀቦማራፒ፡ ኣብ 2010 እውን ብተመሳሳሊ ነቲጉ ምንባሩ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ በቲ ሓደጋ ብውሕዱ 347 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ኣስታት 20 ሽሕ ነበርቲ እቲ ከባቢ ድማ ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም፡፡

'ኀቦማራፒ' ኣብ ደሴት ጃቫ ናይ ኢንዶነዥያ ዝርከብ ዝወሓለ ጎቦ ኮይኑ፡ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ኣስታት 9547 ሜትሮ ቁመት ኣለዎ፡፡

ኣስታት 270 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኢንዶነዥያ ብሰንኪ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ንሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተቓልዓ ሃገራት ምዃና ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

## ታንዛንያ - ብርቱዕ ዝናብ ማሕበራዊ ቅልውላው ኣስዒቡ

ኣብ ዳር-ኤሰላም-ታንዛንያ፡ ንክልተ ተኸታተልቲ መዓልቲ ዝዘረመ ብርቱዕ ዝናብ፡ ከቢድ ኣከባብያዊ ዕንወት ከምዘውረደ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ፡፡

እቲ ብርቱዕ ዝናብ ብሰንኪ ዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ኣብታ ከተማ ብዙሓት ኣባይቲ ክፈርሱ እንከለው፡ ድንድላትን ዓበይቲ ጽርግያታትን እታ ከተማ ድማ ከምዝዓነወ ተቓሊሑ፡፡

በዚ ኸኣ፡ ማሕበራ-ቁጠባዊ ንጥፈታት እታ ከተማ ብከቢድ ከምእተዛብዐ፡ ብዙሓት ተማሃሮውን ብሰንኪ ዕንወት ጽርግያታት ናብ ትምህርቲ በጺሖም ከምዘይከኣሉ ይሕብር ኣሎ፡፡

እቲ ብርቱዕ ዝናብ ንወርሒ መመላእታ ክቕጽል ከምዝኽእል ዝሓበሩ ሰብመዚ ምቁጽጻር ሜትሮሎጂ ታንዛንያ፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ክሕልዉ ጸዊዖም፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ ዝተኸስተ ተመሳሳሊ ሓደጋ ዕልቕልቕ ብውሕዱ 80 ሰባት ከምዝሞቱ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



## ላይበርያ - ሓዲሽ ፕረዚደንት ቃለ-ማሕላ ፈጺሙ



ኣብ ላይበርያ ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ንፕረዚደንት ጆርጅ ዊያ ዝሰዓረ ጆሴፍ ቦካይ፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመታት ነታ ሃገር ክመርሕ ቃለ-ማሕላ ከምዝፈጸመ ተቓሊሑ፡፡

ኣብቲ ዝሓለፈ ሕዳር ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ፕረዚደንት ጆሴፍ ቦካይ 50.9 ድምጺ ክረኽብ እንከሎ፡ ነታ ሃገር ክመርሕ ዝጸንሐ ወሩይ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ነበር ጆርጅ ዊያ ድማ 49.1 ድምጺ ከምዝረኸበ ተሓቢሩ፡፡ በዚ ድማ ጆሴፍ ቦካይ ሓዲሽ ፕረዚደንት ላይበርያ ኮይኑ ዝመጽእ 6 ዓመታት ነታ ሃገር ክመርሕ ትጽቢት ኣሎ፡፡

እዚ ሕጂ ቃለ-ማሕላ ዝፈጸመ ወዲ 79 ዓመት ሓዲሽ ፕረዚደንት ላይበርያ ጆሴፍ ቦካይ፡ ካብቶም ኣቐዲሞም ነታ ሃገር ክመርሑ ዝጸንሑ ፕረዚደንታት እቲ ዝዓበየ ምዃኑ እዩ ዝንገር ዘሎ፡፡

ፕረዚደንት ቦካይ፡ ኣብ መግለጺኡ፡ ሰላም ርግኣት፡ ከምኡ'ውን ክብርታት እታ ሃገር ንምዕቃብ ከምዝሰርሕ እዩ ሓቢሩ፡፡

ኣብቲ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ድምጾም ንምሃብ ኣስታት 24 ሚልዮን ሕጋውያን ኣድመጽቲ እኳ እንተተመዝገቡ፡ ብዓብዛሒ ግን 66 ሚእታዊት ጥራይ ከምዝተሳተፉ ኮሚሽን ምርጫ የረድእ፡፡

ካብ 2018 ኣትሒዙ ን 6 ዓመታት ፕረዚደንት ላይበርያ ኮይኑ ዘገልገለ ጆርጅ ዊያ፡ ንውጽኢት ናይቲ ምርጫ ብምቕባል፡ ስልጣኑ ነቲ ዕወት ፖለቲከኛ ከምዝረክቦ ምግላጹ ተሓቢሩ ኣሎ፡፡

## ኣመሪካ - ብመጥቃዕቲ ፈኵስ ብረት 8 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ክፍለ-ሃገር ኢሊኖይ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሓደ ዕጡቕ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ክፍለ-ሃገር ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ፈኵስ ብረት፡ ብውሕዱ 8 ሰባት ከምዝሞቱ ተሓቢሩ፡፡

ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ወዲ 23 ዓመት ጥርጡር፡ ርእሱ ቀቲሉ ከምዝፈጸመን ሬሳኡ ኣብ ከተማ ናታልያ-ክፍለ-ሃገር ቴክሳስ ከምእተረኸበን እቶም ሰብመዚ ፖሊስ ኣፍሊጦም፡፡

ስለ'ዚ ድማ - ዛጊት ዕላማ ናይቲ መጥቃዕቲ ክፈልጡ ዕድል ከምዘይረኸቡ ሓቢሮም፡፡

ኣብ ኣመሪካ ዝረአ ዋንነት ብሕታዊ ብረት ዝጠንቁ ናይ ኣልማማ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት፡ ብተዓጻጻፊ ቁጽሪ ይውሰኽ ከምዘሎ፡ ዓመታዊ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ግዳያት መጥቃዕቲ ከምዝኾኑ ይንገር፡፡

ሓያሎ ኣመሓደርቲ ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካ ንዋንነት ብሕታዊ ብረት ዝምልከት ሓዲሽ መምርሒ ከውጽኡ እኳ እንተ ጸንሑ፡ እቲ መምርሒ ኣብ ባይታ ዝኾነ ለውጢ ከምጽእ ከምዘይተራእየ እዩ ዝሕበር፡፡

ኣቐዲሙ ወጺኡ ዝጸንሐ ቅጥዕታት ዋኒን ብሕታዊ ብረት፡ ንትሕቲ 21 ዓመት መንእሰያት ብረት ከይውንኑ ዝኽልክልን፡ ብረት ኣብ ዝሽየጡሉ እዋን ምጽራያት ክግበር ዝእዝዝ ነጥብታት ዝሓቖፈን ምዃኑ እዮም ምንጭታት እታ ሃገር ዝሕብሩ፡፡

ኣብ ኣመሪካ ብሰንኪ ብሕታዊ ብረት፡ ኣብ 2023 - ልዕሊ 43 ሽሕ ሰባት ከምእተቐትሉ ሰነዳት ይሕብሩ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ኣመሪካ ልዕሊ 390 ሚልዮን ጠበናጁ ኣብ ኢድ ውልቀሰባት ይርከብ፡፡



## ኣብ ቻይና፡ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ተኸሲቱ

ኣብ ዶባት ዞባ ሺንጂያንግ - ቻይና፡ 7.1 ሬክተር ዓቕን ዘለዎ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከም እተኸስተ፡ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ፡፡

በቲ ትማሊ ሰሉስ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ቀጽሮም ብንጹር ዘይተፈልጡ ሰባት ብኸቢድ ክቑሰሉ እንከለው፡ ብዙሓት መንበሪ ኣባይቲ እውን ከምዝፈረሱ ተቓሊሑ፡፡

ብተወሳኺ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተኸስተ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብቲ ከባቢ ኣስታት 40 ድሕረ-ምንቅጥቃጥ (ኣፍተር ሾክ) ከምእተሰምዐ እዩ ተሓቢሩ፡፡

በቲ ሓደጋ፡ ኣብ ዞባ ሺንጂያንግ ኣብ



ጉዕዞ ዝበሩ ብውሕዱ 27 ባቡራት ከምእተሰናኸላ ዝሓበረ ትካል መጓጓዒ ባቡር ዞባ ሺንጂያንግ፡ ድሕሪ'ቲ ሓደጋ እውን፡ ኣብቲ ከባቢ ዝሓልፉ ዝበሩ ኩሉ ዕማማት ንግዚኡ ደው ከምዝበሎ ኣፍሊጡ፡፡

ሰዓቡ ክመጽእ ንዝኽእል ዕንወት ንምቅላል፡ ትካል ምቁጽጻር ምንቅጥቃጥ ምድሪ ቻይና፡ ቅልጡፍ ሓገዝ ዝሁብሩ ናይ ቀዋሚ ረድኤት ኣገልግሎት ነቑጣታት ደኪኑ ከምዝበሎ ገሊጹ፡፡

ኣብ ጎረቤት ሃገር ካዛኪስታን እውን ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት 6.7 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምእተኸስተ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ዛጊት ኣብ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየለ ገሊጾም፡፡

እንተኾነ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ከተማ ኣልማይቲ፡ ክሰዕብ ካብ ዝኽእል ድሕረ-ምንቅጥቃጥ ብምስጋእ፡ ህንጻታት መንበሪ ኣባይቶም ራሕሪሖም ናብ ጎደናታት ክወጹ ከምእተገደዱ ተቓሊሑ፡፡

እቲ ኣብ ምዕራባዊ ከባቢታት ቻይና ዝተኸስተ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ክሳብ ጎረቤት ሃገር ዝኾነት ኡዝበኪስታን ከምእተሰምዐ እየም ጸብጻባት ዘመልክቱ፡፡

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ቪያ ጁዳ | 24/01/2024 | ጎደና ስጋለት ቀጣን ቁ.6፡ (ቪያ ጁዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services